# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.217 | ዓርቢ 10 ግንቦት 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ተምላስን ወጽኣትን ኣብ . . .



ገጽ 3
ሞት 40 ሓራምዝ ኣረት-ኪሎ ዘኸተለ ዓውደ-ውግእ




ገጽ 4
ቅኒት እወታዊ ኣተሓሳስባ



ገጽ 5
ምርኢት ሕርሻዊ ፍርያትን ኢደ-ስራሓትን ደቀ'ንስትዮ



ገጽ 7
ትኪን ሪያል ማድሪድን መወዳእታ ኣይስኡን



## ኤርትራውያን ነበርቲ ኢጣልያ፡ ሆላንድ፡ ሽወደንን ኣመሪካን ንጥፈታት ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ኣሰላሲሎም













ኤርትራውያን ነበርቲ ኢጣልያ፡ ሆላንድ፡ ሽወደንን ኣመሪካን - ህዝባዊ ሰሚናራት፡ ዋዕላታትን ጽምብላትን ዘጠቓለለ ንጥፈታት ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ኣሰላሲሎም።

ብመሰረት ዝበጽሓና ሓበሬታ፡ ካብ 14 ጥሪ ጀሚሩ ክሳብ 28 ሚያዝያ፡ ፈረንሴ፡ ፓዶቫ፡ ቱሪኖ፡ ቦሎኛ፡ ናፖሊን ባሪን ኣብ ዝርከባ 11 ከተማታት - ልዕሊ 2000 ህዝቢ ዝተሳተፎ ህዝባዊ ሰሚናራት ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ብቓንዱ ኣብ ምሕያል መኸተን ምድልዳል ስጥመት መሰረት 4ይ ግንባርን ዘተኮረ ህዝባዊ ሰሚናራት፡ ኣምባሳደር ፍስሓጽዮን ጴጥሮስን ካልኦት ሓለፍቲ ኤምባሲን፡ ህዝቢ ኤርትራ ብልዑል ሃገራውነቱ፡ ዘይነጽፍ ተወፋይነቱ፡ ልዑል ንቕሓቱን ስጡም ውዳቤኡን - ንኹሉ ፈተነታትን ተጻብኦታትን በዓይ ብዓወት ዝሰገረን ጌና ኣብ መኸተ ዝርከበን ህዝቢ ምዃኑ ድሕሪ ምዝርዛር፡ 4ይ ግንባር እውን - ንትግባረ ሃገራዊ መደባት ልምዓት ኣብ ዲያስፖራ ዝጠፍ ብምዃኑ፡ ንቑሕ ተሳትፎ ዜጋታት ከየዳዘዘ ኣዘኻኺሮም።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኤውሮጳዊ ሕብረትን ሃገራት ቤነሉክስን ኣቶ ነጋሲ ካሳ ብወገኖም፡ ብ21ን 27ን ሚያዝያ - ኣብ ከተማታት ኣምስተርዳምን ዝወለንን ህዝባዊ ሰሚናር ኣካይዶም።

ኣምባሳደር ነጋሲ፡ ኣብ 2024ን ኪኖኡን ብዞባ ዝዕመም ልምዓታዊ መደባት፡ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ኣዳስዑት ስጡም ውዳብ ኣብ ሃገራዊ መደባት መብርሂ ሂቡ።

ሓላፊ ቈንስላዊ ጉዳያት ኣቶ ክብርኣብ ተወልደን ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ኢሳቕ ምናሴን እውን ኣብ ቈንስላዊ ኣገልግሎታትን ንጥፈታት ህዝባዊ ዲፕሎማስን መብርሂ ሂቦም።

ሃገደኤ ጨንፈር ሽወደን ብ27 ሚያዝያ ብምግዛ ኣብ ዘቃላየ መንፈቓዊ ዋዕላ ከኣ፡ ንጥፈታቱ ብምምዝጋም ኣብ ናይ መጻኢ መደባት ዘትዩ።

ኣብ ሕ.መ.ኢ. ድማ፡ ኣብ ኮሎምባስን ከበቢኣን - ኣሆ ዝበፉን ካብ ኢንዲያናፖሊስ ዝመጹን ዜጋታት፡ "ፈንቅል ንኹሉ ተጻብኦታትን ብድሆታትን" ብዝብል ቴማ፡ ብ27 ሚያዝያ ጽምብል ኣካዪዶም።

ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኣመሪካ ኣቶ ብርሃ ንብረሂወት፡ "መድረኻዊ ዕድላትን ብድሆታትን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ሰሚናር ሂቡ።

## ተቐማጦ ን/ዞባ ጋላ-ነፍሒ መሬት ማይ-ኩዖታት ይፍውሱ



ኣብ ዞባ ማእከል - ኣብ 17 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ፡ መሬት ማይ-ኩዖታት ንምፍዋስን መደባት ምግራብ ንምዕዋትን ወፈራዊ ማእቶት ይካየድ ኣሎ።

እቲ ካብ መጀመርያ ወርሒ ጥሪ 2024 ጀሚሩ ዝሰላሰል ዘሎ ልምዓታዊ መደባት፡ ምስራሕን ምጽጋንን ቅናታውን ሕርሻውን ዛላታትን ከትርታትን ከምዝጠቓልል፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሃብተማርያም ኣመናይ ገሊጹ።

መዓልታዊ ልዕሊ 4 ሽሕ ህዝቢ ብዝሳተፎ ዘሎ ወፈራታት፡ ካብ'ቲ ልዕሊ 170 ሽሕ ሜትሮ ሓድሽ ቅናታዊ ዛላ ብሓመድ፡ ልዕሊ 15 ሽሕ ሜትሮ ከብ ከትሪ ድማ ብእምኒ - ክስራሕ እንከሎ፡ 176 ሽሕ ሜትሮ ከምዝተጸገነ ኣቶ ሃብተማርያም ኣረዲኡ።

እቶም ነበርቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ውጽኢት ስራሖም ናይ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ባይታ ስለዝረኣይዎ፡ ሎሚ ዓመት እውን ብልዑል ወኒ ይቃጽልዎ ከምዘለዉ ገሊጾም።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ተምላሰን ውጽኣትን ኣብ ሓደ እዋን

ተምላሰን ወጽኣትን ልሙድ ምልክት ናይ ዝተፈላለዩ ሕማማት ኮይኑ ኣብ ዝኾነ ክሊ ዕድመ ንዝርከብ ሰብ ክጸሉ ይኽእል፡፡ መብዛሕትኡ ግዜ እዚም ክልተ ምልክታት ሕማም፡ ኣብ ከስዐ ወይ ኣምዑት ብዘርእ ጠባይ ሕማማት ከምኡ'ውን ዝተበከለ መግቢ ብምምጋብ እዩም ዝስዕቡ፡፡ ከም'ዚ ምስ ዝኸውን፡ እቲ ምልክት ቀልጢፉ ድሕሪ ገለ መዓልታት ደው ክብል ይርአ እዩ፡፡ እኹል ዕረፍቲ ምርካብ ከምኡ'ውን ብዝበዝሐ ፈሳሲ ምውሳድ ብሰንኪ ተምላሰን ወጽኣትን ክስዕብ ንዝኽእል ንቕጸተ-ሰብነት (ድርቀት) ንምፍዋስ ይከኣል እዩ፡፡

**ኣብ ሓደ እዋን ንዝመጽእ ተምላሰን ወጽኣትን ከስዕቡ ዝኽእሉ ጠንቅታት እንታይ እዮም?**

ብዝተፈላለ ምኽንያት ተምላሰን ወጽኣትን ኣብ ሓደ እዋን ክረኣዩ ይኽእሉ እዮም፡፡

ኣብ ህጻናት፡ ኣብ ከስዐ ዝፍጠር ቫይረስ (stomach virus) ወይ ረኽሲ ባክተርያ ኣብ ኣምዑት (gastrointestinal infection) ቀንዲ ጠንቂ ወጽኣትን ተምላሰን ኮይኑ ይመጽእ እዩ፡፡ እዚ ዓይነት ረኽሲ'ዚ ብዙሕ ልሙድ እኳ እንተዘይኮነ፡ ንኣባጽሕ እውን የጥቅዕ እዩ፡፡

ብዝበዝሐ ኣልኮላዊ መስተ ምውሳድን ነፍሰጾር ምኳንን ንባዕሉ፡ ኣብ ሓደ እዋን ወጽኣትን ተምላሰን ከስዕብ ይኽእል እዩ፡

* ብቫይረስ ዝስዕብ ነድሪ ኣምዑት (Viral gastroenteritis)


ብቫይረስ ዝስዕብ ነድሪ ኣምዑት፡ ኣብ ኣምዑት ሕበጥን ረኽስን እዩ ዝፈጥር፡፡ እዚ ዓይነት ረኽሲ'ዚ ብዝተፈላለዩ ዓይነት ቫይረስ እዩ ዝመጽእ፦

'ኖሮቫይረስ' (norovirus)፡
'ሮታቫይረስ' (rotavirus)፡
'ኣደኖቫይረስ' (adenovirus)፡
'ኣስትሮቫይረስ' (astrovirus)፡፡

እዞም ኩሎም ዓይነት ቫይረስ'ዚኦም ኣብ ዝኾነ ክሊ ዕድመ ንዝርከቡ ሰባት ዘጥቅዑ'ኳ እንተኾኑ፡ ብዝበዝሐ ግና ኣብ ዕሸላትን እግሪ ተኺሊ ህጻናትን ተደጋጋሚ ተምላሰን ወጽኣትን የስዕቡ፡፡

እዞም ዓይነት ቫይረስ'ዚኦም፡ ዝተበከሉ መኣርሒታትን ኣቑሑ ገዛን ብምትንኻፍ ካብን ናብን ይመሓላለፉ፡፡ ቀልቀልን ተምላሰን በዚ ሕማም'ዚ ናይ ዝተለኽፈ ህጻን ብምትንኻፍ'ውን እቲ ቀንዲ መተሓላለፊኡ እዩ፡፡ እዚ ዝኾነሉ፡ እቲ ህጻን ወይ ኣባዩኡ ብጸብእ ኣኢዳዊ ብማይን ሳሙናን ምስ ዘይሕጸብ እዩ፡፡

ረኽሲ ኣምዑት ዘለዎ ሰብ ምስ ተምላሰን ወጽኣትን ተወሳኺ ዘርእዮም ምልክታት፦



= ቃንዛን ምሕምቃቕን ከስዐ፤
= ዕግርግር ምባል፤
= ረስኒ ወዘተ ክጥቀሱ ይኽእሉ፡፡

* ብከላ መግቢ (Food poisoning)

ብከላ መግቢ፡ ሓደ ካብ ጠንቂ ረኽሲ ኣምዑት እዩ፡፡ ምብኳል መግቢ ብዝበዝሐ ብባክተርያ እዩ ዝስዕብ፡፡ ብውሑድ ቁጽሪ ይኹን'ምበር፡ ብጽግዕተኛ (parasites) ከምኡ'ውን ብቫይረስ'ውን ክኸሰት ይኽእል እዩ፡፡

ብከላ መግቢ፡ ዝተመረዘ መግቢ ብምምጋብ ዝርአ ንህይወት ዝፈታተን ጥዕናዊ ጸገም እዩ፡፡ እዚ ኣብ ገዛ ወይ ኣብ ኣብያተ-መግቢ ኪጋጥም ይኽእል፡፡ መግቢ ብጽቡቕ እንተዘይተታሒዙ ወይ ብጽቡቕ እንተዘይተኸሸነ ዝስዕብ ጸገም እዩ፡፡

ብከላ መግቢ ከስዕቡ ዝኽእሉ ዓይነት ባክተርያ፦

'ኢ. ኮላ' (E. coli)፡
'ካምፓይሎባክተር' (Campylobacter)፡
'ሊስተሪያ ሞኖሳይቶጀንስ' (Listeria monocytogenes)፡
'ሳልሞኔላ' (Salmonella)፡
'ሺጀላ' (Shigella)፡
'ስታፊሎኮካስ ኣረየስ' (Staphylococcus aureus) እዮም ቀንዲ ይጥቀሱ፡፡

ምልክታት ምብኳል ብመግቢ፡ እቲ መግቢ ድሕሪ ምምጋብካ ኣብ ዘሎ ውሑድ ሰዓታት እዩ ክርአ ዝጅምር፡፡ ንምጥፋኡ ዝወስድ ግዜ ድማ ካብ ውሽጢ ሰዓታት ክሳብ ውሑዳት መዓልታት ይወስድ፡፡ ምብኳል ብመግቢ፡ ክሳብ ሞት ዘበጽሕ ብምዃኑ፡ ፍሉይ ሕክምናዊ ሓገዝ እዩ ዘድልዮ፡፡

ተምላሰን ወጽኣትን ቀንዲ ምልክታት ምብኳል ብመግቢ እዮም፡፡ ብመግቢ ዝተበከለ ሰብ ዘርእዮ ተወሳኺ ምልክታት፦

ቅርጸትን ቃንዛ ከስዐን፤
ዕግርግር ምባል፤
ረስኒ፤
ደም ኣብ ወጽኣት፡፡

* ብመገሻ ዝስዕብ ወጽኣት (Traveler's diarrhea)

እዚ፡ ካብቲ ክትነብረሉ ዝጸናሕካ ዝተፈልየ ክሊማን ልምድታት ኣተሓሕዛ ጽሬትን ናብ ዘለዎ ከባቢ ምስ ገሽካ ዝመጽእ ሃንደበታዊ ወጽኣት እዩ፡፡ እዚ ዓይነት ጥዕናዊ ጸገም ብቫይረስ፡ ብጽግዕተኛ ከምኡ'ውን ብባክተርያ ዝተበከለ መግቢ ወይ ማይ ብምስታይ እዩ ዝስዕብ፡፡ ንመገዲ ማይን ተኣፋፊ ኩይንካ ምስ እትጸንሕ ድማ፡ ብቐሊሉ ከጥቅዓካ ይኽእል፡፡ ስለ'ዚ፡ ናይቲ ትገሾ ዘለኻ ዓዲ ኣመጋግባን ክሊማን ኣቐዲምካ ብምጽናዕ ጥንቃቐታት ክትገብር ይግባእ፡፡

ብመገሻ ዝስዕብ ዓይነት ወጽኣት፡ ብዙሕ ግዜ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን እዩ ደው ዝብል፡፡ ተደጋጋሚ ዝመጽእ ቀጢን ወጽኣትን ቅርጸት ከስዐን ካብ ቀንዲ ምልክታቱ ኮይኖም፦

ዕግርግር ምባል፤
ረስኒ፤
መንፋሕቲ ከስዐ ወዘተ ከም ተወሳኺ ምልክታት ይረኣዩ፡፡

* ወጥርን ጭንቀትን (Stress or anxiety)

ረኽሲ ኣምዑት ብወጥርን ጭንቀትን ከም ዝጸሎ ሓያሎ መጽናዕትታት ከረጋግጽዎ ክኢሎም እዮም፡፡ ረኽሲ ኣምዑት ካብቲ ቀንዲ ዝልለየሉ ምልክታት ድማ፦

ኣብ ሓደ ግዜ ዝመጽእ ወጽኣትን ተምላሰን፤
ዕግርግር ምባል፤
ቅርጸትን መንፋሕቲ ከብድን፤
ጸገም ስርዓተ-ምሕቃቕ መግቢ፤
ከምኡ'ውን ምቕጻል ኣፍ-ልቢ ወይ ቀሓር፡፡

ወጥርን ሻቕሎትን ኣብ ዘጋጥመና እዋን፡ መግቢ ንምሕቃቕ ዝሕግዙ ሆርሞናት ናይ ከስዐ ንጥፈታቶም ከም'ቲ ዝድለ ስለዘይካየዱ ንጸገማት ምሕቃቕ መግቢ ብቐሊሉ ክንቃላዕ ንኽእል፡፡

* ነፍሰጾር ምኳን (Pregnancy)

ደቂ-ኣንስትዮ ነፍሰጾር ኣብ ዝኾናሉ እዋን፡ ኣብ ኣካላተን ሓያሎ ምቕይያራት እዩ ዝርኣ፡፡ ብዋናኡ ድማ ምቕይያር ናይ ሆርሞናት፡፡

ኣብ ፈለማ ኣዋርሕ ናይ ጥንሲ ዝርአ ሕማም ንግሆ (morning sickness) ሓደ ካብቲ ልሙድ ጠንቂ ተምላስ ኣብ ነፍሰጾራት እዩ፡፡ ዝተዋህቦ ስሙ፡ 'ሕማም ንግሆ' ኣብ ዝኾነ ሰዓታት ናይ መዓልቲ ክመጽእ ዝኽእል ሕማም እዩ፡፡ ልዕሊ 75 ሚእታዊት ነፍሰጾራት፡ ኣብ ፈለማ 14 ሰሙናት ናይ ጥንሲ፡ ተምላስ ይገብረለን እዩ፡፡

ኣብ ነፍሰጾር ዝርአ ተምላሰን ወጽኣትን፡ ብሆርሞናዊ ምቕይያራት እዩ ዝስዕብ፡፡ ንመግቢ ተኣፋፊ ምኳንን ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝርአ ናይ ኣመጋግባ ምቕይያር'ውን ገለ ካብቲ ጠንቂ ተምላሰን ወጽኣትን ኣብ ነፍሰጾር ኮይኖም ይጥቀሱ እዮም፡፡

* ልዕሊ ዓቐን ምምጋብን ምስታይን (Overeating or overdrinking)

ልዕሊ ዓቐን ምምጋብን ዝተፈላለዩ ዓይነት ፈሳሲ ምውሳድን ኣብ ሓደ እዋን ወጽኣትን ተምላሰን የስዕብ እዩ፡፡

ጸገም ምሕቃቕ መግቢ፤
ቀሓርን ምቕጻል ኣፍ-ልብን፤
ተደጋጋሚ ምጉሳዕ፤
ምቑጽጻት ዘይምርካብ ገለ ካብቶም ሰዒቦም ዝመጽኡ ምልክታት'ውን እዮም፡፡

ተምላሰን ወጽኣትን ብዘይ ረስኒ

ረስኒ ዘይብሉ ወጽኣትን ተምልሶን በዞም ዝስዕቡ ኩነታት እዩ ዝኽሰት፦

\> ወጥርን ሻቕሎትን፤
\> ነፍሰጾር፤
\> ዝተፈላለየ ዓይነት ሕክምናዊ ፍወሳ፤
\> ብዝበዝሐ መግብን ፈሳስን ብምውሳድ፡፡

ንቕጸተ-ሰብነትን ካልእ ተኽእሎታትን

ብሰንኪ ተምላሰን ወጽኣትን ኣብ ሰብነትና ክፍጠሩ ዝኽእሉ ሕልኽልኻት ብዙሓት እዮም፡፡ ቀንዲ ካብኦም ንቕጸተ-ሰብነት (dehydration) እዩ፡፡ ድርቀት - ሰብነትና ሒዝዎ ካብ ዝጸንሖ ፈሳሲ ብዝበዝሐ ንደገ ብምውጻኡ ዝስዕብ ጥዕናዊ ጸገም እዩ፡፡ ድርቀት - ዋህዮታት፡ ቲሹታትን ኣካላትን ሰብነትና ብጽቡቕ ከይዐዩ ይዕንቅፆም፡፡ ከም ሳዕቤኑ ኣብ ዕውሎትን ሞትን ከንኣቱ ይገብር፡፡

እቲ ድርቀት ማእከላይ እንተኾይኑ፡ ኣብ ገዛ ክንፍወሶ ይከኣል እዩ፡፡ ኣዝዩ ሓደገኛ ደረጃ እንተበጺሑ ግና፡ ኣብ ሕክምና ጥረሕ እዩ ክፍወስ ዘኽእል፡፡

ምልክታት ድርቀት ኣብ ናጽላ፡ እግሪ ተኺሊ ዕሸላትን ህጻናትን፦

ጽምኣት፤
ትሕቲ ዝብር ሽንቲ - ጨርቂ ሽንቲ ቀልዓ ምንዛም ከይጠልቀየ ንልዕሊ ሰለስተ ሰዓታት ምጽናሕ፤
ምንቃጽ ኣፍ፤
ዝቖልቈለ ዓይኒ ወይ ምዕዛርቲ፤
ምንቃጽ ቆርበት ሰብነት፤
ሓይሊ ምጉዳል፤
ክቢኪ እንከሎ ንብዓት ዘይምርኣይ፡፡

ድርቀት ዘለዎም ኣባጽሕ ዘርእይዎ ምልክታት፦

ክቱር ጽምኣት፤
ዓቐን ሽንቲ ካብቲ ዝብር ምጉዳል፤
ምንቃጽ ኣፍ፤
ምንቅልቃል ዓይንን ምዕዛርትን፤
ምንቃጽ ቆርበት ሰብነት፤
ምስልካይ፤
ምዝጽርራውን ሕማም ርእስን፤
ምብሮጊው ሽንቲ ወዘተ፡፡

ተምላሰን ወጽኣትን ብኸመይ ንፍወሶ?

ብዙሕ ግዜ ተምላሰን ወጽኣትን፡ ብዘይ ዝኾነ ፍወሳ ኣብ ውሑዳት መዓልታት ባዕሎም የቋርጹ እዮም - እቲ ጠንቂ ብዙሕ ከቢድ ምስ ዘይከውን ማለት እዩ፡፡ ኣብ ገዛ ብእንንብሮ ክንክን ብቐሊሉ ክፍወስ ይከኣል እዩ፡፡

**ዘቤታዊ ፍወሳ**

ኣብ ሓደ እዋን ተምላሰን ወጽኣትን ዘጋጠሞ ሰብ፡ ኣብ ገዛ ክገብሮ ዝግባእ ክንክን፦

= እኹል ዕረፍቲ ምርካብ፤
= ካብ ወጥርን ጭንቀትን ዘናግፍዎ ነገራት ምግባር፤
= ብተደጋጋሚ ብማይን ሳሙናን ኣእዳው ምሕጻብ፤
= ብዝበዝሐ ማይ ምስታይ፤
= ጨው ዘለዎም ደረቕ ነገራት ምምጋብ፤
= ከም ባናና፡ ሩዝ፡ ከምኡ'ውን ዝተጸልወ (toast) መግብታት ምውሳድ፤
= ስብሕን ሽኮራዊ መግብታትን ከምኡ'ውን ቀመም ዝበዝሖም መግብታት ካብ ምውሳድ ምቑጣብ፤
= ጸባን ወጽኢት ጸባን ካብ ዝኾኑ መግብታት ምእላይ፤
= ካፈን ዘለዎም መግብታት ዘይምውሳድ፡፡

**መዓስ ናብ ዶክተር ንኺይድ?**

ህጻናት ናብ ሕክምና ዝኸዱ - እቲ ተምላስ ከየቋረጸ ንልዕሊ ክልተ መዓልታት፡ እቲ ወጽኣት ድማ ንልዕሊ ሸውዓተ መዓልታት ምስ ዝጸንሕ

-ዝወሰዶ መግቢ፡ ብፍላይ ፈሳሲ ንዝተወሰነ ሰዓታት ኣብ ከስዐ ክጸንሕ ምስ ዘይክእል፤

-እቲ ዕሸል ናይ 3 ወርሒ ዕድመ ሃልዩዎ፡ ሙቐት ኣካላቱ 38 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ምስ ዝበጽሕ፤

-እቲ ህጻን ኣብ ክሊ ዕድመ ካብ 3 ወርሒ ክሳብ 3 ዓመት ዝርከብ ኮይኑ፡ ምስቲ ተምላሰን ወጽኣትን ሙቐት ሰብነቱ 39 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ምስ ዝኸውን፤

-ትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድሚኡ ህጻን ኮይኑ፡ ምስቲ ወጽኣትን ተምላሰን፦

-ንቑጽ ልፉጫዊ መምብራና (dry mucous membranes) ምስ ዝህልዎ፡ ልፉጫዊ መምብራና ንዝተፈላለዩ ኣካላት ሰብነትና ጨዊት ዝርከብ ቀጸላ እዩ፡፡

-ሰብነቱ/ኣካላቱ ምስ ዘውድቕ፤

-ክቱር ቀጨውጨው ዝበለ ስምዒት ምስ ዘርኢ ተቐላጢፍና ናብ ሕክምና ክንከይድ ይግባእ፡፡

**እኹል ሰብ ናብ ሕክምና ዝኸይደ፦**

-ኦቲ ድርቀት ንምእላይ እኹል ፈሳሲ ወሲዱ ክዕሱ ክጠልል ምስ ዘይክእል፤

-እቲ ተምላስ ንልዕሊ ክልተ መዓልታት፡ እቲ ወጽኣት ድማ ንልዕሊ ሓደ ሰሙን ምስ ዘየቋርጽ፤

-እቲ ተምላስ ቀጠልያ ወይ ብዮቑው ዝበለ ምስ ዝኸውን፤

-እቲ ተምላስ ደም ዝተሓወሶ ወይ ቡናዊ ሕብሪ ዘለዎ ምስ ዝኸውን፤

-እቲ ወጽኣት ደም ምስ ዝሕወሶ ተቐላጢፍካ ናብ ሕክምና ምኻድ የድሊ፡፡

**ምንጪ፦ health line**

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ቀጥታ |
| 15:30 | ፊልም ቻይና |
| 16:15 | ዓለማዊ መዓልቲ ትልሂት 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ዓለማዊ መዓልቲ ትልሂት 2ይ ክፋል |
| 18:45 | ፊልም ዕርፎ |
| 19:20 | እትመት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ቴሬብ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም ዋልታ ሓርማዝ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ጸባቐ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ሞት 40 ሓራምዝ ኣራት-ኪሎ ዘኸተለ ዓውደ-ውግእ

8ይ-ክፋል


*ኣብ ዓንቀጽ ሻብዓይ ክፋል ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ጸላኢ ድሕሪ ንታባ እምስለም ምሓዙ ንታባ እንኪ ንእሹቶ'ውን ክሳብ ሰለስተ ብርጌዳት ኣሰሊፉ ከም ዝተቖጻጸራ፡ ኣብ ርእሲ ኽምዚ ዝበለ ኲናት ኣብ ልዕሊ እንኪ ዓቢ ሃንደበት ታንኪ ጸላኢ ደይባ ኽትንቀሳቐስ ከም ዝተራእየትን ነገራት ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ከም ዝማዕበለን፡ በቲ ኻልእ ገጽ ድማ፡ ንጸላኢ ዓጊትካ ናብ ማጥቃዕቲ ንምምላሱ ኣብ ደሮ 24 መጋቢት ካብ ክ/ሰ 85 ክ/ሰ 96 ካልእን ተወሰኽቲ ብጦለኒታት ከም ዝተደረቡ፡ ኣብ ዕለት 25 ድማ ኣብ ሽቶታትን ከም ዝኣተዉ፡ ኣዘዝቲ ክፍላተ-ሰራዊት ብወገኖም፡ ካብቲ ዘይጥዑም መቆጻጸሪ ቦታ ናብ ግንፈሉም ዝተባህለ ቦታ ምልክት ማይእክለይ መደበር ክ/ሰራዊት ከም ዘበሉ፡ ኣብኡ ኾይኖም ነቲ ኣብ እንኪ-ንእሽቶ ዝግበር ዝነበረ ጸወታ ጭርጭር ዓበይ ዝሰማል ደፋዕ ናይ ምምንጋል ሀልኽ ተኸታቲሎምን መርሒምን፡ መቐጸልታ ናቱ እንሆ፦*

እቲ ኣብ ልዕሊ እንኪ-ንኣሽቶይ ዝጀመረ ናይ ወጋሕታ ጸረ-መጥቃዕቲ ብሸበድ ምትህልላኽ ክሽይድ ኣርፊዱ፡ ኣብ መውዳእታ ብዓወት ተጋደልቲ ተዛዚሙ። ጸላኢ፡ ልክዕ ሰዓት 10:30 ካብ እንኪ ንኣሽቶይ ተደፊኡ ጠቕሊሉ ናብ እንኪ-ዓቢ ከም ዝምለስ ተገብረ። ጉዳይ እንኪ በዚ ኽዛዘም እንከሎ፡ ጉዳይ እምስለም ግን ኣብ ተጠንቀቕ ነበረ።

እቲ ንታባ እምስለም ናብ ኢዱ ንምምላስ ዝተሰለፈ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ሰዓት 18፡00 መጥቃዕቱ ጀመረ። ብጸዑቕ ደብዳብ ሞርታራትን ታንክታትን ተሰጊዑ ናብ ጸላኢ ተጸገዐ። ግን ታባ እምስለም ልዕሊ ዝኾነ ማሰሞእቲ ድኣ ሓተተት እምበር ገጽ ኣይሃበትን። ቀዳሞት ሃጀምቲ ከይሰገሙ ኣብ ቀዳማይ ደፋዕ ወደቑ። እቲ ዘይዕወት ፈተነ ንኣዘዝቲ ናይቲ ግንባር ኣሻቓሊ ኾኑ። ብኣንጻሩ፡ ጸላኢ ፍናን ረኸበ። ብፍላይ ኣዘዝቲ ናይቲ ኣብ እምስለም ኩይት ዝለኸልን ኣብ ዝጠየሞ ድማ መጥቃዕቲ ከሰፍሓ ዝሀቅንን ዝበረ 10ይ ብርጌድ ናይቲ ምኩሕ 3ይ ኣንበሳ ክፍለጦር ሞራሎም ክቡ በሉ።

እቲ ዝወሰድ ዝበረ ጸረ-መጥቃዕቲ ተደጋጋሚ ፍሽለት ኪጋጥሞ ምስ ከኣለን ዝኸፈል ዝበረ ማሰሞእቲ'ውን ቀሊል ስለ ዘይነበረን መራሕቲ ወግእ ተጋደልቲ ሃዲኦም ዳሞግይ ክየምግሙ ቀሰቡም። ኣዘዝቲ ክፍላተ-ሰራዊት 52ን 85ን - ብርጋዴር ጀነራል እዮብ ፍስሃየ (ሓሊባይን) ስውእ መጀር ጀነራል ገረዝጊሄር ዓንደማርያምን (ወጩ) - እምስለም ንምቁጽጻር ዝሓሸዩ ኣብ ዘዘበሉዎ ኣማሪጺ ሓሳባት ረገጾም ሂር ዝበለ ኽትዕ ኣካየዱ። ካብ ናቕፋ ተጻዒኑ ኣብቲ ወግእ ክርክብ ትጸቢት ዝግበረሉ ዝበረ 3000 ቦምባታት ሞርታር ክሳብ ዝመጽእ ምጽባይ'ዶ? ወይስ ጸላኢ ኻልእ ከይሓሰበን ከይበኣሓትን ቀልጢፍካ ሰጉምቲ ምውሳድ ዝበል ክትዕ እዩ። ኣብ መውዳእታ፡ ኣዚ ግንባር ብዘዞሮ ውሳኔ ተደምደመ። እቲ ቦምባታት ክሳብ ዝመጽእ ጸረ-መጥቃዕቲ ምግባር ክቋረጽ ተወሰነ።

እቲ ኽመጽእ ትጸቢት ዝግበረሉ ዝበረ 3000 ቦምባታት፡ ክፍለሰራዊት 52 ከም ትሕጃ ኣብ ናቕፋ ኣቐሚጢዎ ዝጸንሖ እዩ። እተን ነቲ ቦምባታት ሞርታር ዝጸዓና መካይን ብህጹጽ ካብ ናቕፋ ተበገሳ። ግን ባህርያዊ መሰናኽል'ውን ግደኡ ተጻወተ፡ ኣብ ሩባ ሕዳይ ምስ በጽሓ ወሕጅ ዓጊቱወን ኣብቲ ግንባር ከይኣተዋ ሓደራ።



ንጸባሒቱ ቐትሪ'ውን ጉዕዞ ምግባር ዘኽኣል ኣይነበረን። ምስቲ ዝበረ ምንቅስቓስ ነፈርቲ-ወግእ ናብቲ ግንባር ክኣትዋ ኣይከኣላን። እዚ ምድንጓይ'ዚ ብፍላይ ነቲ ጸላኢ ትንፋስ ከይረኽበ "መጥቃዕትና ንቕጽል" ዝበሉ ዝበሩ ወገናት ተወሳኺ ድርኺት ይፈጥረሎም ነበረ። እንተኾነ "ረጊእና ዕጥቅና ኣጽፊፍና ኢና ንበገስ" ዝበል ሓሳብ ዓብሊሉ፡ ጸረ-መጥቃዕቲ እምስለም ክሳብ 29 መጋቢት ተወንዚፉ ክጸንሕ ተገብረ።

ድሕሪ ትጸቢት፡ እቲ ዝድለ ቦምባታት ኣብቲ ዝድለ ቦታ በጽሐ። ቀድሚ ኣጋር ኣሰሊፍካ ምህጃም ድማ፡ ጸላኢ ብደብዳብ ከቢድ ብረት መሃሙ ከም ዝጠፍኣ ምግባር ተመርጸ። በዚ መሰረት፡ እቲ 3000 ቦምባታት ዝሀቐ 28 ሻንቡቕ ሞርታራት ታባ እምስለም ክወቅዕ ተጻወደ። ክልተ ሓይልታት ናይ ቦጦሎኒ 3.45 ሃጀምቲ፤ ሓንቲ ጋንታ ቦጦሎኒ 1.45 ምስ ሓንቲ ሓይሊ ቦጦሎኒ 2.24 ተደሪበን ተመደባ። እዚኣተን ካብተን ናይ ክፍለሰራዊት 52 ቦጦሎኒታት ኩይነን፡ ታባ እምስለም ንምምላስ ኣብ ዝዐየድ ወግእ ድልዋት ብምኻን ክጸበያ ተገብረ።

መጋቢት 29፡ ሰዓት 6:00 ንግሆ ዝጀመረ ደብዳብ፡ ብዘይ ምቁራጽ ንፍርቂ ሰዓት ተኻየደ። እቶም 28 ሞርታራት፡ ኣብ ውሽጢ 30 ደቓይቕ 3000 ቦምባታት ናብ ጸላኢ ደርበዩ። ካብ ድሕሪት ዝውንጨፉ ቦምባታት ከበድቲ መዓፍዕ እውን ማዕረ-ማዕረኡ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ጸላኢ ከቢድ መጥቃዕቲ ኣውረደ። ጸላኢ ብወገኑ፡ 18 ሞርታራት ሰሪዑ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ኸም ሕሱም ቦምባታት ኣዝነበ። ታባ እምስለም፡ ብደሮናን ትኪን ምስሊ ኑትጉ እሳተጎመራ ሓዘት። ኣሃዱታት 3ይ ኣንበሳ ክፍለጦር ከም ሕሱም ተቐጥቀጡ።

እተን ኣብ ተጠንቀቕ ክጸበያ ዝጸንሓ ኣጋር ቦጦሎኒታት ተጋደልቲ ናብ ደፋዕ ጸላኢ ክጽጋዓ ኣብ ዝጀመራሉ ህሞት ድማ፡ ደብዳብ ሞርታርን መዓፍዕን ደው ከም ዝበል ተገብረ። መጥቃዕቲ ኣጋር ድሕሪ ምጅማሩ፡ ክሳብ ሰዓት 8:00 ሓያል ናይ ህጁም መጥቃዕቲ ተኻየደ። ድሕሪ'ዚ ጸላኢ ካብ ታባ እምስለም ተጸሪጉ ጠቕሊሉ ተኣልየ። እታ ታባ ኽኣ ናብ ደሞቕቡቋ ሕሩስ ተቐይራ ጸንሐት። መታኸሲ ካናለታት ብሬሳታት መርገጺ ተሳእና። ዝተቖራረጸ ስጋን ዝጨቀወ ደምን ዘምኡብኑብ ምርኢት ነበረ። ኣብዚ ወግእ'ዚ ጸላኢ፡ ናይ ልዕሊ 3000 ምውታትን 5000 ቊሱላትን ክሳራ ኣጋጠሞ።

ዶክተር፡ ካብ ዑደት ደፋዓት ቦታ ፍጻመ ተመሊሱ ኣብ ኢትጥሓል እዚ ኽፍለ-ሰራዊት ድሕሪ ምብጽሑ'ውን፡ ኣብ ርእሲ ናይቲ ኣብ ስደት ዝበረ ጀነራል ሓብሬታ፡ ካብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ኽፍለ-ሰራዊት 52 ተወሳኺ መብርሂ ረኸበ። ኣብ ወግእ እንኪን እምስለምን ዝተሳተፉ ክፍላተ-ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ 52ን 85ን ከምኡ'ውን ሓደ ቦጦሎኒ ናይ ክፍለሰራዊት 96፡ ገለ ኣሃዱታት ናይ ሜካናይዝድ 74 እየን። እቲ ዓቐሊ-ጸቢታዊ ስጉምቲ ሰራዊት ስርዓት ደርጊ፡ ኣብታ "የኤርትራ ማዘዝ" ዘርእስታ ብኩሉኔል ኣምሳሉ ገብረዝጊ ዝተጻሕፈት መጽሓፍ፡ ካብ ገጽ 194 ክሳብ 196 ተመስኪሩ ኣሎ። ኩሉኔል ኣምሳሉ፡ ኣዛዚ መበል 15 ክፍለ ጦር ኩይኑ፡ ኣብቲ ረመጽ ወግእ እንኪን እምስለምን ሰራዊቱ ዝጠበሰ እዩ።

ብዘይካ ኽፍለጦር 15፡ ኣብቲ ግንባር ተሰሊፎም ዝበሩ ሰራዊት ስርዓት ደርጊ፤ 2ይ ክፍለጦር፡ 3ይ ኣንበሳ ክፍለጦር፡ መበል 15፡ 18፡ 21፡ 22፡ 23 ነበሩ። ዋላ'ኳ እቲ ግሉን ስም ዝበሮ ክፍለጦር 18 ካብ ሻድሻይ ወራር ኣትሒዙ ፍሉይ ሓለፋን ምትብባዕን ዝግበረሉ ኣሃዱ እንተ ነበረ፡ ኣይ ከም 3ይ ክፍለጦርን። 3ይ ኣንበሳ ክፍለ-ጦር፡ ልዕሊ ኹሉቶም ኣሃዱታት ኢትዮጵያ በዓል ዝናን ተጠማትን ከም ዝነውን ንምግባሩ ሓለፋ ክንክንን ምልመላን ዝረክብ ብመንግስቱ ሃይለማርያም ተኣማኒ ዝበረ ሰራዊት እዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ወግእ ኣጋጣሚታት ብሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ከቢድ ሃሰያ ክወርዶ ጸኒሑ'ኳ እንተኾኑ፡ ኣብ ወግእ እምስለም ግን ሕርሕራይ ገይሩ ተወቒዑ እዩ። ከምቲ ልሙድ ኣሰራርሓ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ድማ፡ 3ይ ክፍለጦር ስለ ዝተናኸመ ካብ ኤርትራ ተላዒሉ ናብ ማእከል ኢትዮጵያ ተወሰደ። እዚ ብሌ/ኮ መንግስቱ ሃይለማርያም ልዑል ተኣማንነት ዝበሮ ክፍለጦር፡ ከምዚ ዝበለ ሃሰያ ወሪዱዎ እናሃለወ፡ ኣብ ክንዲ ምስቶም "ይኣክል" ብምባል ዕልዋ ዝፈተኑ ጀነራላት ምውጋኑ ሓያለ ካብ ካድረታቱ ወገን መንግስቱ ሃይለማርያም ከም ዝዛዙ'ዩ ዝፍለጥ።

ብመሰረት ሜ/ጀ ቁምላቸው ደጀኔ ኣብ ኢመራን ንዶክተር ኣርዓዶም ዘዕለሎ ታሪኽ፡ ጀነራላት ስርዓት ደርጊ፡ ዝተናወሐ ዕጥቃዊ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዘፈጠረሎም ከቢድ ተጽዕኖ፡ ነቲ ተጠቒኡ ክሳብ ዝጸምቖን ዝፈልሑን ነዊሕ ዓመታት ዝወሰደ ንመንግስቱ ሃይለማርያም ናይ ምውጋድ ውጥን ዘቀላጠፈ እዚ ኣብ እንኪን እምስለምን ዘጋጠሞም ክሳራ እዩ። ኣብዚ ሰዓት'ዚ ኽንዳዩ ዝበረ ቀንዲ ምኽንያት ድማ፡ ምድምሳስ 3ይ ኣንበሳ ኽፍለጦር ስንባደ ስለ ዘሰዓበሎም ምኻኑ ባዕሉ ጀነራል ቁምላቸው ኣስሚሩሉ እዩ።

ቀንዲ ሃንደስቲ ስርሒት ዕልዋ መንግስቱ፡ ሜ/ጀ ፋንታ በላይ፡ ሜ/ጀነራል መርእድ ንጉሴ፡ ሜ/ጀ ደምሴ ቡልቶ፡ ሜ/ጀ ኣበራ ኣበበ እዮም። ሜ/ጀ ቁምላቸው እውን ብመንጎዲ ሜ/ጀ ደምሴ ብልቶ ድሒሩ ተጸንበሮም። ኣብ ግዜ ፍጻመ፡ ኣዛዚ ኻልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ሜ/ጀነራል ደምሴ ብልቶ ኣብ ኣስመራ፤ ብቐንዶም ካልኦት ግን ኩላቶም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኮይኖም'ዮም ነቲ ስርሒት ክመርሑዎ ተበጊሶም። እቶም ንፕረሲደንት ሃገር ኢትዮጵያ ኮ/ል መንግስቱ ሃይለማርያም ክኣልዩ መደብ ዝሓንጸጹ ጀነራላት፡ ከምቲ ሜ/ጀ ቁምላቸው ደጀኔ ዝበሎ፡ ካብ ነዊሕ ዝተሓሰበ፡ ብልክዕ ንምዝራብ ድሕሪ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ኣብ 1985 ንኸተማ ባረንቱ ምቁጽጻሩ ዝተበጽሐ ምርድዳእ ናይ ወሰናት ጀነራላት እዩ። ድሕሪ ምድምሳስ ናደው እዚ ኸኣ እቲ መደብ ዝዖዳ እናሓየለን ሓያሰቲ ኣድመኛታት እናተጸንበሩዎም መጽኡ። ግን ምቹእ ግዜ ንምምራጽ ነዊሕ ግዜ ተጸበዩ።

መንግስቱ ሃይለማርያም፡ ምስ ናይ ቀረባ መማኸርቱ ኣብ ጉንበት 1989 ናብ ምብራቕ ጀርመን ክገይሽ ምድላዋት ይገብር ከም ዘሎ ሓበሬታ ምስ ተረኽበ ግን እቶም ላዕለዎት መኮንናት ኑታ ዕድል ክጥቀመላ ወሰኑ። ኣድላዪ ምቅርራብ ንምግባር ከኣ፡ ኣዛዚ ኻልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት'ውን ነቲ ምዕባለ ተኸታቲሉ ጸብጻብ ዘምጽኣሉ ኣካል ናብ ኣዲስ ኣበባ ለኣኸ። ኣብ ኤርትራ ናይ ዝበረ ጠቕላሊ ኣዛዚ ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ-ሜ/ጀ ደምሴ ቡልቶ፡ ንምክትሉ ሜ/ጀ ቁምላቸው ደጀኔ ጸብጻብ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ናብ ሚኒስተር ሚ/ሪ ምክልኻል ከብጽሕ ጉልባብ ተጠቒሙ'ዩ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዝለኣኾ። ሜ/ጀ ቁምላቸው ጸብጻቡ ንሚኒስተር ምክልኻል ሜ/ጀ ሃይለጊዮርጊስ ሃብተማርያም ኣረከበ፡ ቀንዲ መኸዲኡ ጉዳይ ንምግባር ግን ምስ ሜ/ጀ ኣበራ ኣበበ ተራኸበ።

ጠቕላሊ ሓላፊ ወተሃደራዊ ስርሒታት ሰራዊት ኢትዮጵያ ሜ/ጀ ኣበራ ኣበበ፡ ንሜ/ጀ ቁምላቸው ናብ ገዝኡ ዓዲሙ፡ ኽሉ'ቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተወድአ ምቅርራባት ገለጹን ሓበሬታ ኣሰነቖን። ኣብ ደሮ መንግስቱ ዝኸሳ ዕለት ተፈላለዩ። ሜ/ጀ ቁምላቸው ኸኣ፡ ሰለስ ንግሆ 16 ግንቦት ናብ ኣስመራ ተመለሱ፡ ቀጥታ ናብ ቃኘው ቤት-ጽሕፈት እዚ ኻልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ሜ/ጀ ደምሴ ኣቕንዑ። ወተሃደራዊ ሰላምታ ገይሩ፡ ጀነራል ደምሴ ድሕሪ ዝበረሉ ምውቕ ኣቀባብላ ሓበሬታኡ ከመሓላልፍ እናተሃወኸ ኮፍ ማበለኡ ሓተ።

ሜ/ጀ ደምሴ፡ "እንቋዕ ድሓን መጻእካ!"

"እንቋዕ ድሓን ጸናሕካ!"

"እሞ ኸመይ'ዩ ዘሎ ማእከል ሃገር?"

"ነገራት ጽቡቕ እዩም ዘለው፣ ኩሉ ነገር ተወዲኡ ከም ዘሎ'ዩ ጀነራል ኣበራ ሓቢሩኒ ዘሎ፣ …" ኢሉ ብምጅማር፡ ምስ ሜ/ጀ ኣበራ ሓበርም ናብ ገዝኡ ብምኻድ ብኣካል ተራኺቦም ከም ዝተመያየጡ፣ ብወገን ብ/ጀ ወብቱ እቲ ኣብ ጦላይ ዝርከብ ክፍለጦር ስፖርታ ኣብ ግዜ ስርሒት ናብ ኣዲስ ኣበባ ክልእኽ ምኻኑን ኣብ ትሕቲ ቁምላቸው እናተኣዘዘ ዕማም ማስርሕ ዕልዋ ክፍጽም ምኻኑ ከም ዝተረዳደኡ፣ ናይ ሓይሊ ኣየር ጉዳይ ሜ/ጀ ፋንታ በላይ ወዲኡዎ ከም ዘሎ፣ ጀ/ል ሰለሞን ድማ ኑታ መንግስቱ ተሳፊሩላ ዝገደሽ ነፋሪት ክትበርር ምስ ጀመረት ኣገዲዱ ኣስመራ ከም ትዓልብ ክገብራ፣ እንተ ዘይተኻእለ ኸኣ ሃሪሙ ከውድቓ ምኻኑ ተረዳዲኦም ወዲኦም ከም ዘለው፡ … ብዝርዝር ገለጸሉ።

ድሕሪ'ዚ ኣብኡርን ጥዑም ዕላልን ናይ'ዞም ክልተ ጀነራላት፡ ካብቲ ቤት-ጽሕፈት ከይወጽኡ ምሳሕ ናብ ዘለዎ ክጠልቡ'ሞ ሓብርም ክምስሑ ተሰማምዑ። እዚ ማለት ከኣ ነቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝጅመር ንመንግስቱ ናይ ምውጋድ ስርሒት ካብቲ ቤት-ጽሕፈት ከይወጽኡ ክከታተልዎ ምእንቲ ምክትታል ክጥዕሞም ነበረ። እቲ ስርሒት ክጀምር ወይ ክሰረዝ እንተኾይኑ፡ ካብቲ ብደረጃ ሓላፍነቱ ድሕሪ ሚኒስተር ምክልኻል ዝስዕብ ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ሜ/ጀ መርእድ ንጉሰ ካብ ኣዲስ ኣበባ ብቴሌፎን ብዘንገሮም ሓበሬታ እዩም ክረጋገጹ። ስለዚ፡ ሓበሬታ ንምቕባል ኣብ ቤት-ጽሕፈቶም ኮፍ ኢሎም ተጸበዩ።

ምኽንያቱ፡ እቲ ስርሒት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ተሰሪዙ ክናዋሕ እውን ይኽእል እዩ። መንግስቱ መገሻኡ ኣብ መውዳእታ ደቒቕ ክሰርዞ ይኽእል እዩ። ስለዚ እቲ ዝኸውን ፍጻመ ክሰምዑ ብዘርብጽ ንጸወዒት ቴሌፎን ሜ/ጀ መርእድ ካብ ኣዲስኣበባ ኣብ ምሕላው ተጸምዱ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ቴሌፎን ጭርርር! ዘድመጸትሉ ህሞት፡ ናይ መርእድ ጻውዒት እናመሰሎም፡ ኣልባጦም ከም ደምጺ ሓጓዶ መደበር ኣስመራ፡ ዲግ-ደግ እናበላ ሓቘፍኦም።

ይቕጽል

### ኣርካን-6ተ

ኣርካን ናይ ኣርካናት ደግለል ኣብ ዳህሪ
ህዱእ ማዕበል መልኣኽ ቀይሕ ባሕሪ
እቲ ልዕሊ ዓቕን ክርተት ናይ ትማሊ
እቲ ህሮሩማ ወረድ ደይቡ ገድሊ
ከመይ ምተብጽሐ ብዘይ ድርብ ዓቕሊ።

ንሶምኒ ንደቡብ ጉዕዞ ለይትን ቀትርን
ሕድሪ ሰማእታትካ ጾር ህዝብን ሃገርን
ቃልማሕላ ሰማእታት ዕላማን መትከልን
መንክ ኔሩካ ዘራይ ዝሓለ ዝድግፍ
እንትርፎ ዘጼድም ቃልሰኻ ዝዕንቅፍ።

በሊሕካ ትሓድር ውሑድ ክንዲ ብዙሕ
ወቓሮኻ ትኣምን ሰንፍና እትግንሕ
ብሓዊ ትፍተን ከም ወርቂ ከም ብሩር
ኣብዘይ ህሉው ህሞት ሃለዋት ትፈጥር
ብወሻጣዊ ዓቕምኻ ኣብ ናትካ ትኣብር።

ህልቂት ዝብርህም ዝተኸፍለ እክሪል
ሓይሎም ኣኻኺቦም ኣብጊሶም ማዕበል
ውግእ እንኪ ሶሚኒ ግምባር ከረን
ዕርድኻ ሰይሮም ንምሓዝ ኩብረ-ወሰን
ግን ጽንዓት ኣርካን ፈጺሙ
ኣይተኻእለን።

ተረፍ ውግእ ሽረ ሓድጊ ሞት ጸግሒያ
ርኻሽ ተረፍ-መረፍ ናይ ደቡብ ብራርያ
ዞማት ተኣከቡ ድቕ ድቕ ናብ መጋርያ
ተሉብለበ ድማ ከም ኣጣብሓ ደርሆ
ዓለለ ኣርካን ናይ ዓወት መርሆ።

ዓዲኻላ ዝፈጠር ህጹጽ መልእኽቲ
ዕረፍቲ ኣልቦ ኣኼባ ብለይቲ
ውግእ ተመርጺ ውሳኔ መኳንንቲ።
ዓርሞሸሽ ወፍሪ ደዛራት ኣምራሑ
ጸልማት ተገልበቡ ጸርግያ ሰራሑ
ታንኪ ኣምራሑ እንኪ ተወጠሑ።

እንታይ'ሞ ዓበስ ኩብዲ ብዘይ ሓሞት
ሱሓንዋ'ንካ ስዕረት ክልተ ሞት
ጀነራላት ደርጊ ኣብ ዋሽንተን ዲሲ
መስከሮሞ መስክሕ ኩነታት እንኪ።

ቅያ እምስለም ዝርኣየ ኣዒንቶም
እኹል ኣብነት'ዩ ናይ ዶክተር ኣርዓዶም
ኣርካን ኢሎምኻ ምሁራት ናይ ዓለም።

**ተጋ/ት ብርኽቲ ኣብርሃም መ/ድንድን**

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ቅኒት እወታዊ ኣተሓሳስባ



ኣተሓሳስባና፡ ንባህርናን ኣመለኻኽታናን ኣዘዩ ዝጸልዎ። ኣብዚ ዝበለጸ ተግባራትና፡ ህይወትናን ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ሰባትን እውን ብኣተሓሳስባና ክጽለዉ ንብር እዩ። ከምዚ ስለ ዝኾነ ኸኣ፡ ኣብ ህይወትና ብዛዕባ እንታይ ከም እንሓስብ ዓቢ ጥንቃቐ ምግባር ኣገዳስነት ኣለዎ። እቲ ምንታይ፡ ኣብ ህይወትና ለውጢ ክንገብር እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ኣብ ኣገባብ ኣተሓሳስባና ለውጢ ክንገብር ስለ ዘገብኣና። ብሓጺሩ ሓሳባትና ክንልውጥ ኣገዳሲ እዩ። ኣብዚ ክንፈልጦ ዘለና ግን፡ ንሓደ ግዜ ጥራይ ስለ ዝሓሰብና ለውጢ ክንረክብ ኽንክእል ኢና ማለት ኣይኮነን። ንሓደ ዓይነት ሓሳብ ብተደጋጋሚ እንተ ደኣ ሓሲብናዮ እዩ ቀስ ብቐስ ሓይሊ ዝረኽብ።

ሓይሊ ሓሳባት ሓድሽ ስራሕ ክንረክብ፡ ዝምድናታትና ከመሓይሽን ዝያዳ ኣታዊ ክህልወናን ህይወትና ክጽብቐን ክሕግዘና ዝኽእል ሜላ እዩ። ኩሉ እዚ ግን፡ ብሓደ ረፍዲ ዝፍጠር ነገር ኣይኮነን። እኹል ግዜ ይደሊ። ማዕረ ኽንደይ ኣብ እትገብሮ ጻዕሪ ሓቀኛን ትኹረት ኣለካን ድማ'ዩ ዝምርኰስ። እወታዊ ኣተሓሳስባ ንኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ዝዕብለሉ መድረኽ የኽእል።

ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ እንተ ተቘልቂሉና ከምጉርር፡ ክንወቕሰን ከነፍእን ኢና ንጅ። ከምዚ ዝመስል ስምዒት ክቘልቀለና እንከሎ እምበኣር፡ ብዘዞኸእለ መጠን ጽቡቕ ነገራት ክንዘክርን ንመጺኢ ጽቡቕ ነገር ክንሓስበን ከም ዘለና ምዝካር ኣድላዪ እዩ። ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ እንተ ተቘልቂሉና፡ ኣብ ሕሉፍ ሐሕሞቑ ጥራይ ከም ንዝክር እዩ ዝገብር። ዝ. ብኢጋኡ ብምስትውዓል ንኡበና ክንመልሶን ኦቲ ግናይ ሓሳባት ከወግዶን ክንጽዕር ኣለና። ካልእ መለለዪ ናይ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ከኣ፡ ጉድለታትካ ንሲኻ ኣብራት እንዳማጉትካ ምጉላሕ እዩ። ነፍስኻ ክትእርምን ከተማዕብልን ኣብ ክንዲ ምፍታን ብፍሽለትካ እትወቕሶን ድኽምትካ እተላግበሉን ወገን ከም ተናዲ ይገብረካ። ካብ ጌጋኡ ዘይመሃርን ሕጽረታቱ ከለሊ ዘይክእልን ሰብ ክዕወት ስለዘይክእል ከኣ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ፍሹላት ይኾኑ።

እቲ ናይ ምምራርን ምውቃስን ዝንባለ ካብ ንሰባትን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራትን ሓሊፎም፡ ንዓለም ብዓለማን ንህይወት ብምሉኣን ከም ዘወቕስዋን ዝጸልእዋን ይገብርዎ'ሞ፡ ብዛዕባ ብዓቕሞም ክፈትሕዎ ዘይክእሉ ነገራት መውጽኢታ ኣብ ዘይብሉ ምህውታት ግዜኦም የጥፍኡ። ከም ውጽኢት ናይቲ ካብ ዓቕሞም ወጻኢ ዝኾኑ ነገራት ምሕሳብ ከኣ፡ ኑብስ ምንእኣስን ኑብስ ወቓሳን የማዕብሉ። እዚ ከኣ ባዕሎም ዝፈጠርዎ ዘይቅኑዕ ምስልታት ከም ዘሸግርዎም ይገብርዎም። "እከለ ኣይፈትውኒን እዩ" "እከሊት ትንዕቐኒ ኢያ" "ኣነ ዕድል የብለይን" ... ወዘተ ዝብሉ መመሊሱ ዘናኽሶምን ዘናሽዎምን ምስልታት የማዕብሉ። ከም ውጽኢቱ ድማ ዘየፍቱ ዘንሾቕን ዘዋርድን ህይወት ይነብሩ። እዚ ኸኣ ግዳያት ዘይተደልየ ጸቕጢ ይገብርዎም። ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ ቅኑዕ ኣተሓሳስባ ምምዕባል ኣዝዩ ሓጋዚ'ዩ። እቶም ዝጸበዩ ጉዳያት ናይዛ ዓለም ቅንዕናን ጌጋን እየም። ኣብ ወሽጢ ሕብረተሰብ ይኹን ውልቀሰብ ብምኳን ከኣ ኣብ ዘዩቋርጽ ግርጭት ይርከቡ። ኣእምሮኻ ብጌጋታት ዝተመልአ እንተኾይኑ፡ ጌጋ እቲ ዘይጸዓድ ብምኳን ንኹሉ ተግባራትካ ዓብሊሉ ጌጋ ንኽትፍጽም ክደፋፍኣካ እዩ። ኣብ ከምኡ ኣጋጣሚ ቅንዕና ዘይብሉ ሓሳባት ትሓስብ፡ ዝንብዕ ርድኢት ይህልወካ፡ ኣብ ጌጋ መደምደምታ ትበጽሕን ጌጋ ስጉምትታት ትወስድን። ብኣንጻር ናይዚ፡ ኣእምሮኻ ብቕኑዓት ሓሳባት ዝተመልአ ጌጋ ኣብ ዝፈጸምካሉ እዋን ብዝተሰፉ ኢኻ ትምሕሮ። እቲ ምንታይሲ ጌጋ ምፍጻም መውጽኢታ ናይ ዝኾነ ነገር ኣይኮነን። ብህድኣትን ነጥቢ ብነጥብን ንጌጋኻ ፈቲሽ፡ ኩሉ ክትመሃሮ ዝግበኣካ ካብ ጌጋኻ ተመሃር፡ ብድሕሪኡ ብሓድሽ መንፈስ ተበገስ። ናይ ሕሉፍ ጌጋታትካ ስእሉ'ኣእምሮ ከኣ ኣይሃልኻ፡ ምኽንያቱ ጠንቂ ድፍኢት ዶሞግዩ ውድቀት ክኸውን ስለ ዝኽእል። እቲ ዝልዓለ ናይ ኩሉ ግዜ ውልቃዊ ፈተና፡ "ኣነ ቅኑዕ ሰብ ድየ?" እናበልካ ንኡበሽኻ ምውካስ'ዩ። ቅኑዕ እንተ ኼንካ ነገራት'ውን ቅኑዓት ክኾኑልካ እየም።

## ብሎሚ ጽባሕ ዝተኸሰረ ግዜ

ነፍሲ-ወከፍ ካልኢት ንኽልና ማዕረ'ያ ትብጽሓና። ነታ ካልኢት ግና፡ ብጠበዩ መንገዲ ንሓልፋ። ኣብ ምሉእ ዕድመና እንዓይዮም ዕዮታት ንኽብሪ ነፍሲ ወከፍና ክፈልዩና ይኽእሉ። ሓደ ግዜኡ ብጥበእ ዝተጠቐመሉ ሰብ ብዙሕ ይረኽብ፡ ብዙሕ ከኣ ይፈልጥ። ግዜ ብዘዩቋርጽ ናህሪ እዩ ዝሕንብብ፡ ሓደ ሰብ "ግዜ'ዩ" ብምባል እናማረረ ግዜኡ እንተ ሃኽሎ መዓስ የምሕረሉ። ንቕሓትን ልቦናን ደቂ ሰብ ብምምቕራሕ ግዜ ዘማዝን ምኽኑ እዩ። ነዊሕ ጉዕዞ ብሓንቲ ስጉምቲ'ዩ ዝጅምር። ንውሓት ዕድመና ኸኣ በቲ ዝደቐቐ መዐቀኒ ግዜ ይፍለም። ህይወት፡ ሕማቕ ጠባያት ንምእራም እኹል ግዜ ኣለዋ። ስለዚ፡ ዝኾነ ሰብ ብፍላይ ከኣ መንእሰይ መደብኡ ብጥበእ ሓንጺጹ ክምርሽ ይግባእ።

ግዜ እቲ ብማዕረን ብዘይኣድልዎን ብርትዓዊ ኣገባብ ንኹልና ፍጡራት ዝተዓደለና ጸጋ እዩ። ሓንሳብ እንተ ኸይዱ ዘይምለስ ግን ከኣ ብኻልእ ግዜ ይትካእ።

ውሕሉልን ቅርጠውን ኣጠቓቕማ ግዜና እምበኣር፡ ኣብ ህይወትና ዓቢ ፍልልይ የምጽኣልና። እቶም ግዜና ብጥበእ እንጥቀመሉ፡ ዝሓሸ መነባብሮን ዓወትን ከመዝገብ እንኽእል፡ እቶም ብጥበእ ዘይንጥቀመሉ ግና ብኣንጻሩ ንረክብ።

ኩላትና ከም እንፈልጦ፡ እቲ ክንቆጻጸሮን ብጥበእ ክንጥቀመሉን እንኽእል ግዜ እቲ ዘለናዮ ግዜ ወይ ሕጂ እዩ። እዚ ደኣ ይኹን እምበር እቲ ሓቂ - ንጽባሕ፡ ንዓመታ... ወዘተ ካብ ምባል ኣይንዝክርን ኢና። ግዜ እንክለና ግዜ ንጸቡ፡ ካብ ምጅማርን ምትግባርን መደባትና ንሃድም። ከምዚ ዓይነት ሰባት ዝኾኑና ኣብ ትማሊ ንኡበር፡ ሎሚ ብምውዛፍ ንጽባሕ ዓበይትን ብዙሓትን መደባት ንሰርዕ። ኣብ ጽባሕ ክትግበሩ ዝተመደቡ መደባት ብኻልእ ጽባሕ እናተተክኡ ናይ መጠረሽታ ዕለት ንጽሕሖ። እዚኦም ካብ ኩሉ ዝም ጸገማት ብኸመይ ኢና ክንቃለሶምን ካብዚ ሽግር ክንናገፍን እንኽእል?

ዝስዕብ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶን ዘለዋ ነጥብታት ንርአ-

ኣሉታዊ ሳዕቤናት ናይዚ ጸገም እዚ ብጥበእ ተንትኖ ንኣብነት፡ ኣብ ጥዕናናን ኣብ ማሕበራዊ ህይወትናን ዘምጽኦ ሽግራት ብጥበእ ክንርድኦ እንተ ኽኢልና፡ ካብቲ ጸገም ንኽንናገፍ ዓቢ ግደ ክበርክተልና ይኽእል እዩ። ንዝተዋህቡኻ ዓበይቲ ዕማማት ብጥበእ ኣናቒቕም ኣብ መደብትካ ዓበይቲ መደባት ክህልዉኻ ይኽእሉ እየም። ካብ ምግጣምም ፈረሕካ ናብ ካልእ ግዜ ካብ ተሰጋግርም፡ ብጠቓቕእ ናብ ዝደቀቐ መልክዖም ብምቕያር ክትገጥሞም ይምረጽ። ብጥበእ ሰጢርና ምስ እናዳቐቕም ብብግዜኡ ቀስ እናበልና ኑቲ ዓቢ ዕማም ብዓወት ክንፍጽሞ ይሕግዙና። ንመደባትካ ግዜ ከየንዋሕካ ጀምሮም፡ ይዕበ ይንኣስ ብዘየገድስ ኑቲ ዕማም ጀምሮ። እቲ ዝዓበየ ሽግር ዘይምጅማር ምኳኑ ዘክር። ንገዛእ ርእስኻ ኣብ ግብራዊ ስራሕ ጽመዶ።



## ከቢድ ጾር

ገለ እዋን ክትጸሮ ዘጸግም ስምዒት ይወርኻ'ዩ። ኣብዚ እዋን ነፍሲ-ወከፍ ካልኢት መመሊሳ ተቓጥዓ። ብዘወሳኺ ኣብ ገለ ሰብ ተሕደሮ ጽልኢ ኣሎ። ካብ ምሕር ጽልኢ ተበጊስካ ኸኣ ሕማቕ ነገራት ትምጽእለም። እቲ ጽልኢ ከስፋሕፍሕ እንተ ፈቒድካሉ፡ ተወሳኺ ጸገም ኢኻ ትወሰኸሉ። ከም ሳዕቤኑ የዳኽመካ። ካብዚ ስምዒት ጠቕሊልካ ክትናገፍን ክትርሕቐን ተመሪጺ'ዩ። ጽልኢ ሕማቕ ነገር'ዩ። ሳዕቤኑ'ውን ቀሊል ኣይኮነን። ጽልኢ ኣብ ቅድሚኡ ንዘጸንሖ ሰብን ነገርን ዘሎ ኣሉታዊ ስምዒት እዩ። ብዘተፈላለየ ምኽንያት ዘሕረቑኻ ነገራት ይኸኑ ሰባት ክትርኢ ከለኻ ጽልኣቶም ይግንፍለካ'ዩ ካብ ጽልኢ ናይ ዝኾነ ነገር ዘኖኖን ሓራ ስምዒት ክህልወካ ካብ ዝገብሩን ነጥብታት ገለ ወስ ከውብል። መጠበሲ ጽቡቓን ሕማቓን ኣብ ኣእምሮኻ ምኳኑ ምግንዛብ። ሰብ ኑቲ ዝሓሰቦ እዩ ዝኸውን። ሓደ ነገር ኣብ ኣእምሮኻ ዝያዳ ተጐማድሐ እንተ ኼንኻ፡ ከውንነትካ ብእኡ ናይ ምቕያሩ ተኽእሎ ዝለዓለ'ዩ። ትጸልኦም ነገራት ናይ ምፍታው ማሳርሕ ኣብ ኣእምሮኻ እዩ ዝጅምር፡ 'ከምዚ' ወይ 'ንእገለ' ክጸልኦ ዝበል ሓሳብ ዘይምድግጋም። ምኽንያቱ እዚ ኣብሎኣ ንጽልኢ ዘርኽብን ናብ ሕማቕ ኣንፈት ዝመርሕን እዩ። ንሓሳብትካ ንቑሕ ኴንካ ኑቲ ኣሉታዊ ኣበሃህላ ካብ ምድግጋሙ ምቑጣብ፡ ስሩመንታዊ ገምጋም ጽልኣትካ ይሃልኻ፡ ከም



ውጽኢቱ ንጽልኣትካ ካብ ምውሳኽ ክትቈጻጸሮ ኢኻ። ጭብጥ ዝኾነ ምኽንያት ናይ ጽልእኻ እንታይ ምኻኑ ከኣ ምዝናይ። ጽልእኻ ካብ ፍርሒ፡ ቅንኢ. ዶስ እቲ ነገር ወይ እቲ ሰብ ኣብ ህይወትካ ጽልዋ ስለ ዘለዎ እዩ? ምኽንያታትካ ዘርዚርካ ምስ ወዳእካ ማዕረ ክንደኡ ጽልኣት ከም ዝህልወካ ዝገብር ጠንቂ ከም ዘይብልካ ክትርድእ ኢኻ። እንተ ኾኑ ንእሽቶ ሕርቃን ወይ ኣካል ህይወትካ ክኸውን ዘይኽእሎ ሽለል ክትብሎ ዝበርካ ክኸውን እዩ። በዚ ድማ ትጸልኦ ነገር ወይ ሰብ ኣይክህልወካን'ዩ። ጽልኢ ከቢድ ጾር'ዩ። ዕድላት ከም ዘምልጡኻ ይገብር። ንዘቖርቡኻ ኣጋይሽ ይኹኑ ዓርኩ ሙሓዛ ዋላ'ውን ቤተሰብካ ብኣሉታ ገጸሉ እዩ። ሓያል ጽልኢ ጸይርካ ብምሉእ ልብኻ ተፍቅረሉ መገዲ ከቶ የለን። ጽቡቕ ናይቲ ትጸልኦ ሃሰስ ምባል- "ኣብ ነፍስወከፍ ሕማቕ ጽቡቕ ኣሎ" ዝብል ጥቕሲ ኣሎ። እንተ'ኾነ ጽልእኻ ኑቲ ዘሎ ጽቡቕ ዘይከርእየካ ይኽእል'ዩ። ተሰፉ ብምቕራጽካ ብሕርቃንካ ወይ ብጽልእኻ ዓዊርካ ጽቡቕ ናይቲ ነገር ወይ ሰብ ምርኣይ ክትስእን ትኽእል ኢኻ። እንተኾነ፡ ኣብቲ ትጸልኦ ገለ ጽቡቕ ነገር ምህላዉ ኣይትጠራጠር። ኑቲ ጽቡቕ ኣለሊኻ ኣብኡ ኣድህብ። እዚ ኸኣ ኑቲ ኹሉ ማሳርሕ ኑዳዲ ካብ ምውሳኽ ዘናግፍን ብጽቡቓን እወታዊ ሸነኹ ዘርኢን እዩ። ንኡበሽኻ ብናይ ካልእ እዋን ጸላኢት ክትከውን ኣይትፍቀደሉ። ህይወት ጽብቕትን ክብርትን ኢያ። ኣብዛ ዓለም ድማ ውሱን እዋን እዩ ዘለና። እዚ ውሱን ግዜና ብእወታዊ፡ ብሓጎስን ፍቕርን ዝተመልአ ክኸውን ይግባእ። ንጽልእኻ ናብ ፍቕሪ ለውጦ፡ ኑየም ትጸልኦም ነገራት ከተፍቅሮም እንተ ዘይክኣልካ፡ ካብ ህይወትካ ክትኣልዮምን ምትእስሳርም ክትበትኮምን ኣሎካ። ከምዚ ዓይነት ተበግሶ ምውሳድ፡ ጽልኢ ጸይርካ ካብ ምኻድ ዘኖኽፍን ብምሉእ ልብኻ ከተፍቅር ዝሕግዘካን እዩ።

## ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ

- "ምንጪ ኩሉ ዓይነት ፍርሒ፡ መን ምዃንካ ካብ ዘይምፍላጥ ዝበገስ ኩይኑ እዩ ዝስዕብ።" - **ዘይተፈልጠ**
- "ጥበብ ደቂ ሰብ ብዓቕልን ተስፉን እዩ ዝግለጽ።" - **ኣሌክሳንደር ዱማስ**
- "ልቦና፡ ንዝገብራት ብኸሉ ሸነኻቶም ምርኣይ እዩ። ከምኡ ድማ ንነገራት እቲ ዝግብኦም ምግባር።" - **ሄለን ቢቸር ስቶው**
- "ናይ ሰዓት ኣሳርም ኣየድልየንን'ዩ። እቲ ምንታይሲ ሕልመይ ባዕሉ ከበራብረኒ እዩ።" - **ሬይ ብራድበሪ**
- "ብወከይ ዝኽሪታት ህይወት ካብ ኣኪዳድና ንላዕሊ ትርጉም ኣለዎም።" - **ኣና ፍራንክ**
- "ህይወት ብዓባይ ቤት ትምህርቲ ትሕትና እያ።" - **ጀምስ ኤም**

# ምርኢት ሕርሻዊ ፍርያትን ኢደ-ስራሓትን ደቀ'ንስትዮ ኣብ ጽምብል ዝኽሪ ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት



ኣብ ባሕቲ ግንቦት 2024 – ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት "ሞያዊ ብቕዓት፡ ደራኺ ንልምዓት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብደረጃ ሃገር ተዘኪሩ ውዒሉ። ኣብ'ቲ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ (ሃ.ኮ.ሰ.ኤ.) እተኻየደ ጽምብል፡ ብርክት ዝበላ ደቀ'ንስትዮ ምርኢት ፍርያት (ባዛር) ኣቕሪበን ነይረን። መብዛሕትአን ካብ'ዘን ደቀ'ንስትዮ፡ ባዕላተን ዕድል ስራሕ ፈጢረን ዝነባበራ ኲይነን፡ ዘቕረባኦም ፍርያት ምስሩሓት ባህላውያን መግብታት፡ ናውቲ ህያብን ካልእን ዘጠቓልሉ እዮም ነይሮም።

ምንጋስ ሃይለ ድራር ትብሃል። ሰራሕተኛ ትካል ኲይና፡ ብውልቃ ድማ ባህላዊ መግብታት ኣብ ምምስራሕ ትነጥፍ። እትምስርሖም መግብታት፡ ፍርያት ውሽጢ ሃገር ካብ ዝኾኑ ኣእካልን ካልኦት ጥረነገራትን ጥራይ ከም እትምስርሖም እያ ትሕብር። ንሳ "ሕርሻዊ ፍርያት ሃገርና፡ ዋጋኦም ክብር ዝበሉ'ኳ እንተኾኑ፡ ናይ ባህርያውነትን ጣዕምን ብልጫን ስለዘለዎም እየ ከምኡ ዝገብር" ትብል። ተኣፋፍነት መግቢ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ መላእ መስርሕ ምድላዉ፡ ጽፈትን ተሓታትነትን ኣዝዮም ወሰንቲ ረቛሒታት ምዃኖም'ውን ትገልጽ። ብዛዕባ'ዞም ከም ናታ ዝኣመሰሉ ተበግሶታት ርእሰ-ሽቀላ፡ "ንገዛእርእስኻ ድዩስ ንገለ ካልኦት ሰባት ዘውሕሶም ዕድላት ስራሕ ብቐሊሉ ዝግመቱ ኣይኮኑን" ትብል ንሳ – "ብፍላይ ደቀ-ንስትዮ ቤተን እናኣለያ ገንዘባዊ ኣታዊ ክረኽባሎምን ዝያዳ ኣፍረይቲ ምዃነን ከረጋግጻሎምን ዝኽእላ ኣማራጺታት እዮም።"

ምንጋስ ተማሂራ ብሞያኣ እትሰርሕ ህርኩትቲ ጓል'ንስተይቲ እያ። እቲ፡ ካብ ሰዓታት ስርሓ ወጻኢ፡ ባህላውያን መግብታት ብውሕልነት እናኣዳለወት እትረኽቦ ተወሳኺ ኣታዊ፡ መነባብሮኣ ኣብ ምምሕያሽ ዓቢ ደገፍ ከምዝኾና እያ ኣዕሊላትና። እቶም ንዓኣ ይኹን ንኻልኦት ኣብ ምድላው ባህላዊ መግቢ ዝነጥፋ ዘለዋ ደቀ'ንስትዮ ዘለውወን ብድሆታት ሕጽረት ናይ ምስርሐን ናይ መዐሸጊን መሳለጥያታት፡ ከምኡ'ውን መሸጢ ቦታ ዘይምህላው ምዃኖም ተብርህ። "ብፍላይ ሓባራዊ መሸጢ ቦታ



ምንጋስ ሃይለ

እንተዝዋደድ፡ ብዙሓት ደቀ'ንስትዮ ንገዛእ-ርእሰን ዕድል ስራሕ መውሓሳ፤ ንሓያለይ ካብ ወጻኢ ዝኣትዉ ውሕስነቶም ዘይፍሉጥ መግብታት ከኣ መተካእታ ምረኸብናሎም" ዝብል ለበዋ ብምቕራብ ድማ ዘረባኣ ዛዚማ።

ካብ'ተን ኣብ'ዚ ኣጋጣሚ ናይ ባህላዊ መግቢ ፍርያታተት ዘርኣያ ደቀ'ንስትዮ፡ ንግስቲ ኣውዓሎም እያ። ዓይነ-ስውርቲ እኳ እንተኾነት፡ ሳላ ዘለዋ ፍቕሪ ስራሕን ኒሕን፡ ኣብ ልዕሊ ዘለዋ ኩነተ-ስንክልና ኣጸቢቓ ጸብለል ዝበለት እትድነቕ ጓል'ንስተይቲ እያ! ካብ'ቶም፡ ኣብ ናይ ዓሚ፡ ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ መግቢ ብሚኒስትሪ ሕርሻ እተሸለሙ



ንግስቲ ኣውዓሎም

ሃብሮማት ነጠፍቲ ናይ ዓውዲ ሕርሻ ምንባራ እውን ዘኪርና። ኩነታት ስንክልናኣ ንስርሓ ክሳብ ክንደይ ከምዝጸልዎ ኩተብርሃልና ምስሓተትናያ፡ "ክሰርሕ'የ እንተ ኢልካ፡ ኩሉ ይከኣል እዩ። ነቶም ባዕለይ ክተግብሮም ዘይክእል ዕማማት፡ ብግቡእ ወዲበ ብሰራሕተኛ ገይረ እየ ዘሰላስሎም። ሕጂ ተመኩሮ ኣጥርየ ስለዘለኹ፡ እዚ ስራሕ እዚ ንዓይ ጸገም ዘለዎ ኣይኰነን። ንእግረ-መገዲ ንኻልኦት ሰባት'ውን ገለ ዕድል ስራሕ ይፈጥር ኣለኹ ማለት'ዩ" ዝብል መልሲ እያ ሂባትና። "ካብ ተጠቃምነት ፊኖ ምልጋስ" ካብ ዝብል ሓሳብ ተበጊሳ ዘዳለወቶ፡ ካብ ምቁር-ድንሽ፡ ስገምን ስርናይን እተመስርሐ ብሽኮቲ፡ ኣብ ሓደ ኩርናዕ ናይ ጣውላኣ ይረአ ነይሩ፤ ጥሕኒ፡ ሓርጭ ገዓት፡ ዲ.ኤም.ከይ.፡ ኣባዕኸ፡ ከምኡ'ውን ካብ ዝተፈላለዩ ጥረታት እተመስርሑ ከም ሽሮን ሕልበትን ዝኣመሰሉ ነገራት ድማ በቲ ኻልእ። ንግስቲ፡ ሓባራውን ስምምዓውን ኣካይዳ፡ ነተን ኣብ ከም'ዚኣቶም ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ተዋፊረን ዝርከባ ደቀ'ንስትዮ ዝያዳ ኣፍረይቲ ክገብርወን ካብ ዝኽእሉ ቀንዲ ረቛሒታት ምዃኖም እውን ትኣምን።

ሰለስተ ደቀ'ንስትዮ-ዝኣባላታ፡ ኣብ ምድላው እተፈላለዩ ዓይነት ዲ.ኤም.ከይ. እትነጥፍ ጉጅለ'ውን ፍርያታዊ ምርኢት ኣቕሪባ ነይራ። እዘን ደቀ'ንስትዮ ኣስመረት ዳምር፡ ህይወት ተኽለን ሰምሃር ጉዕሽን ይብሃላ። ፍርያተን ኣብ ምቁር-ድንሽ እተመርኰሰ ስለዝኾነ፡ ብኣጠቓላሊ "ምቁር ዲ.ኤም.ከይ." ዝብል ሕላገታዊ ኣጸዋውዓ እዩ ዘለዎ። እቶም ዝምስርሕኦም ዓይነት ዲ.ኤም. ከይ.፡ ናይ ህጻናት፡ ናይ ነፍሰ-ጾራትን ናይ ስፖርተኛታትን ኲይኖም፡ ብባእታታቶምን ኣተዓሻሽጋኦምን እተፈላለዩ እዮም። ገለ ካብ'ቶም፡ ኣብ ርእሲ ምቁር-ድንሽ፡ ዝጥቀማሎም ጥረ-ነገራት ከም ኣእካል፡ ጥረታት፡ ናይ ቀብኢ ኣእካል፣ ተምሪ፡ ዓለስን ኣራንሽን ዝኣመሰሉ ነገራት እዮም።

ነዚ ዕማም ካብ ዝጀምራኦ ልዕሊ ሓደ ዓመት ከምዘቑጸራ ዝጠቐሰትልና ወ/ሮ ኣስመረት፡ ፍርያተን ግን ኣብ'ዞም ዝሓለፉ ሒደት ኣዋርሕ ከም እተቐልቀለን ዘተባብዕ ዕዳጋዊ ውጽኢት ከም ዝረኸባሉን ትገልጽ።

ንሳ፡ "ፍርያትና ብትሕዝቶኡ ኩነ ኣህላኺ ብዝኾነ መስርሑ ሓድሽ ስለዝኾነ፡ ልዕሊ ኹሉ ካብ ኣህለኽቲ ኣተባባዒ መልሰ-ግብሪ ምርካብና ዘሐጕስ እዩ። ምኽንያቱ ሓድሽ እሞ ኸኣ ሰብ ዘይለመዶ ፍርያት ከተቕርብ እንከለኻ ናብ ክሳራ ከቃልዕ ዝኽእል ተበግሶ እዩ" ድሕሪ ምባል፡ ኣካይዳኣን ኩሉ ሳዕ ኣብ ቀጻልቲ መጽናዕትታትን ሞያዊ ምኽሪ ካብ ክኢላታትን እተመርኰሰ ምዃኑ ተብርህ። ምስኣን ዘሰርሓ ገለ ናይ ጉልበት ተሓጋገዝቲ እውን ኣለዋአን። ኣብ መወዳእታ፡ "ህዝቢ፡ ገፊጥ-መፊጥ መግቢ (Junk Food) ናይ ወጻኢ ካብ ምህላኽ ክቕጠብ፡ ከምኡ'ውን ድሉዋት ባህርያውያን መግብታት ሃገርና ክጥቀምን ባዕሉ ክምስርሕን" ዝብል ለበዋ ኣስሚዓ እያ ተፋንያትና – ኣስመረት።



ጉጅለ ምቁር ድንሽ ካብ ጸጋም ንየማን - ሰምሃር ጉዕሽ፡ ህይወት ተኽለ፡ ኣስመረት ዳምር

ብኣጋጣሚ ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት ስራሓት ኢደ-ጥበብ ዝኾኑ ፍርያት ካብ ዘቕረባ ደቀ'ንስትዮ ድማ ንግስቲ ገብረመስቀል እያ። ኤርትራዊ መንነት ዘንጸባርቑ ስራሓት ላኻ፡ ቈርበት፡ ካይላ፡ ኣዕናቑን ካልእን ብዝኾኑ ኢደ-ጥበባውያን ፍርያት እያ ትፍለጥ። ኣብ'ዚ ዓውደ-ስራሕ ዘቑጸረቶም ዓመታት ክልተ ዕቑድ (ዕስራ) መሊኦም ኣለዉ። ካልኦት ደቀ'ንስትዮ ኣብ ተመሳሳሊ ዓውደ-ስራሕ ንኽዋፈራ ዝተጻወተቶ ተራ እውን ቀሊል ኣይኮነን።

ንግስቲ፡ ኣብ'ዚ እዋን፡ ሓምሻይ ርእሳ ኣብ ሕብረ-ብዙሕ ስራሓት ካይላ ትነጥፍ ኣላ። እዚ ተጠርኒፍካ ናይ ምስራሕ ባይታ፡ ብኸመይ ክረኽባኦ ከምዝኸኣላ ከተዘንቱ እንከላ፡ ንሳ፡ "ቀደም ኣብ ገገዛና ኢና ንሰርሕ ኔርና። ቅድሚ ክልተ ዓመታት፡ ሃ.ኮ.ሰ.ኤ.፡ ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣጋጣሚ ፍርያትና ንምርኢት ከነቕርብ ዕድል ምስ ሃቡና፡ ሸውኡ ምስ ፍርያታትና ንኽላለ ዕድል ዝረኸበ ኩባንያ ህንጻ ሰገን፡ ብሓባር እንጥቀመሉ ቤትዕዮን መሳለጥያታትን ቀሪቡልና። ኣብኡ ኼንና ንሰርሕ ኣለና" ትብል።

ዕዳጋ ናይ ምርካብ ጉዳይ ግን ኣብ ውልቃዊ ጻዕርታተን ዝምርኮስ እዩ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣጋጣሚ ድማ፡ ዓይነት ናይ'ቶም ዝሳተፍዎ ሰባት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዕዳጋ ንኽረኽባ ዝሕግዘን ባይታ ምዃኑ እያ ትምስክር።

ኣውራ ብልጫ ናይ'ዘን ኣብ'ዚ መዳይ ስራሕ ዝነጥፋ ደቀ'ንስትዮ፡ ሞያዊ ዕግበት ኲይኑ፡ መብዛሕትአን



ንግስቲ ገብረመስቀል

ናይ ጥረ-ነገራት ጸገም ዘይብለን ምዃነን ከኣ ርእሱ-ዝኸኣለ ጽቡቕ ነገር'ዩ። እቲ ብርእሰን ምሕዳረንን ምስ ግዜ ሞያዊ ተወዳዳርነት ምርግጋጸንን እውን "ከማኻትክን ይብዛሓልና" ዘብል እዩ።

መድሃኔ ጸጋይ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣቶ የሱፍ ኣረይ ጉብር፡ ወለደይ ኣረይ ጉብር ኣራትን ዓሻ ኣደም ኣሲን ስለዝዋረሩ፣ ኣነ ምስ 4 ህልዋት ኣሕዋተይ 1 መዋቲት ተተኪእተ 2 ደቃ ወረስቲ ምዃኖና ደረጋጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣብርሄት ጸጋይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ረዳእ ጉብረስላሴ ጉብረመድህን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ት/ዕድመ ኣማን በረኸት ዓንደማስቀል ምግቢ ተሪፉ፡ ቢንያም በረኸት ዓንደማስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ዘርኢጋብር ኣሮን ጉብረትንሳኤ ምግቢ ተሪፉ፡ ዘርኢጋብር ኣረንያስ ጉብረትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቡዲት መንግስትኣብ ሓራይ፡ በዓል ቤተይ ጉብረሂወት ተኽለይ ግደ ስለዘተሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓሰወለይ፡ 11 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሉም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብስም ፋጥማ ኣሕመድ ሰዒድ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጉዛጥንዳ ጎደና ሃሮር ብምስክር ወረቐት 119760 መወከሲ ቁ128431 ዝተመዝገበ ልብረቶ ናይ ገዛ ስለዝጠፍኣኒ፡ ረኺቡዮ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዙዮ ዝነበረ እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ተሌፎን 07127448 የረክበኒ። እንተዘይቐሪቡ፡ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ፋጥማ ኣሕመድ ሰዒድ

ኣነ ሰናይ ተስፋሚካኤል ወልደዳዊት፡ ናይ ወላዲየይ ነፍ/ተስፋሚካኤል ወልደዳዊት ወረስቲ ምዃነና ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጊጀረትን ቲራቮሎን ብዕለት 19/11/2018 ብቑጽሪ መዝገብ 377/2018 ኣረጋጊጹልና። በዚ መሰረት፡ ኑቲ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ዘይንቀሳቐስ ንብረት/ገዛ ኣድራሻኡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ን/ዞባ ምጽዋዕ ከባቢ 02 ዓዲ/ከተማ ኩትሚያ ፕሎት 122 ዝርከብ ኣብ 143.65 ት/ሜትር ዝተደኮነ ገዛ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት፡ 2BRMAW000600/0 ብዕለት 28/3/2016 ብስም ተስፋሚካኤል ወልደዳዊት ተሰፋ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክንገብረሉ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ሰናይ ተስፋሚካኤል ወልደዳዊት
ወኪል ደርጋኣለም ተሰፋይ ወልደዳዊት

ኣነ ሰናይ ተስፋሚካኤል ወልደዳዊት፡ ናይ ወላዲየይ ነፍ/ተስፋሚካኤል ወልደዳዊት ወረስቲ ምዃነና ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጊጀረትን ቲራቮሎን ብዕለት 19/11/2018 ብቑጽሪ መዝገብ 377/2018 ኣረጋጊጹልና። በዚ መሰረት፡ ኑቲ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ዘይንቀሳቐስ ንብረት/ገዛ ኣድራሻኡ ኣብ ዞባ ማእከል ከባቢ/ዚፕ ኮድ ቲራቮሎ 1A746 ጎደና 'ባዳ" ቁጽሪ ገዛ 36/38" ፕሎት "65" ቁ.ፓርሰል/ዞን ASP00003631 ፓርሰል "ክፋል ፓርሰል "B" ዝርከብ ኣብ 497.68 ት/ሜትር ዝተደኮነ ገዛ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት፡ "1፡ 012572" ብዕለት 16/10/2017 ብስም ተስፋሚካኤል ወልደዳዊት ተሰፋ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክንገብረሉ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ሰናይ ተስፋሚካኤል ወልደዳዊት
ወኪል ደርጋኣለም ተሰፋይ ወልደዳዊት

ኣነ ሰናይ ተስፋሚካኤል ወልደዳዊት፡ ናይ ወላዲየይ ነፍ/ተስፋሚካኤል ወልደዳዊት ወረስቲ ምዃነና ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጊጀረትን ቲራቮሎን ብዕለት 19/11/2018 ብቑጽሪ መዝገብ 377/2018 ኣረጋጊጹልና። በዚ መሰረት፡ ኑቲ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ዘይንቀሳቐስ ንብረት/ገዛ ኣድራሻኡ ኣብ ዞባ ማእከል ከባቢ/ዚፕ ኮድ ቲራቮሎ 1A746 ጎደና 'ባዳ" ቁጽሪ ገዛ 36/38" ፕሎት "65" ቁ.ፓርሰል/ዞን ASP00003630 ፓርሰል "ክፋል ፓርሰል "B" ዝርከብ ኣብ 518.46 ት/ሜትር ዝተደኮነ ገዛ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት፡ "1፡ 012528" ብዕለት 13/10/2017 ብስም ተስፋሚካኤል ወልደዳዊት ተሰፋ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክንገብረሉ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ሰናይ ተስፋሚካኤል ወልደዳዊት
ወኪል ደርጋኣለም ተሰፋይ ወልደዳዊት

## ዓቢ ብስራት ካብ ቀለተ ሆቴል

ቀለተ ሆቴል ርሑስ በዓል ፋሲካ፡ ከምኡ'ውን ርሑስ በዓል ቅንያት ናጽነት እናበለ፡ ሰናይ ናይ ዕረፍቲ ግዜኹም እናተመነየ ንዓኹም ኮነ ንደቅኹም፡ ንፈተውትኹም ኮነ ነሕረኽትኹም እትዘናግዕሉን እተዕርፉሉን ከምኡ'ውን ንመርዓ ኮነ ንሕጸ ንዝተፈላለዩ ግብጃታት - ቀለተ ሆቴል ይኹን ምርጫኹም።
ቀለተ ሆቴል ካብ 5 ግንቦት 2024 ስርሑ ከም ዝጀመረ ብዓቢ ብስራት ክንሕብረኩም ንፈቱ።

ቴሌ. 07112809
ብድሓን ምጹ

## Vacancy Announcement

ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC (Pre-stripping Team) is inviting qualified and competitive applicants for the following positions: -
Mining Progress Supervisor:
* Number Required – Three (03)
* Place of work: Emba Derho
* Type of contact: Definite period of two years
* Salary: As per the company salary scale

MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES
* Stipulate mining project progress plan include yearly, monthly and weekly plan with P6 software.
* Establish demonstration for construction progress of mining project by using software include 3D Max, PR and Datamine.
* Collect and renew progress data for all different sub-items include design, procurement, construction, personnel site entry plan, etc.
* Follow and supervise the implementation of the project progress plan, analyze the fault of construction progress implementation.
* Draft construction daily report, weekly report, monthly report for mining project.
* Review the process data provided by sub-contractors.

Qualification Requirement
Education:
* Bachelor degree or above
* Major in Mining Engineering or Engineering Management
* CET level 4 * English language skill* or above

Work Experience:
* Over 5 years of project progress management for mining project

Other skills and abilities:
* Proficient to use software include P6 progress software, 3D Max, PR and Datamine.
* Ability to work in culturally diverse working environments.
* Ability to work well with people from different country with different culture.
* Project management skills.
* Problem solving skills, Teamwork, and collaboration skills.

Language:
Language fluency in English is required.

Additional requirements for Nationals:
* Having fulfilled his/her National Service obligation and providing evidence of release paper from the Ministry of Defence.
* Present clearance paper from current/last employer
* Testimonial documents to be attached (CV, Work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
* Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
* Application documents will not be returned to the sender.
* All application should be sent though the post office.
* Deadline for application: 5 days from the day of publication in the newspaper

* Address: Please mail your application to following two address
1. ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC.
P.O.Box 6547 Asmara, Eritrea
2. Mineral Resources Management
P.O. Box-272, Asmara

Note to Non-Eritrean applicants: Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs
P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ትኪን ሪያል ማድሪድን መውጽኢ ኣይስእኑን

### ሆሴሉ - ካብ ምግቓጥ መንበር ተቐያሪ ናብ ንጉስ ክለብ ማድሪድ

ሰለስ ምሸት፡ ኣብ ዓለም እቲ ዝዓበየ ስፖርታዊ ንጥፈት እንተነይሩ፡ ንሪያል ማድሪድን ዊር መኒክን ዘራኸበ ካልኣይ እግሪ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ እዩ።

እዚ ኣብ ሜዳ ማድሪድ ዝተኻየደ ጸወታ፡ ብዙሕ ክስተት ዘጋጠሞ ኣዝዩ ሰሓቢ ኮይኑ ሓሊፉ፡፡ ኣብ ሜዳ መኒክ እውን ኣብ ቀዳማይ እግሪ ርክብ እዞም ጋንታታት፡ ሰሓቢ ጸወታ እኳ እንተነበረ፡ ናይዛ ምሸት ፍልይ ዝበሎ ግን፡ ጌጋእን ክእርማሉ ዝኽእላ ካልእ ዕድል ክረኽብ ዘይክእሉ ግጥም ብምዃኑ እዩ።

ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ናይዛ ወቕቲ እኹ ዕድላ ዝበረት መኒክ፡ ኣብ መበል 68 ደቒቕ ካብቲ ንጥፍባሪ ተኪኡ ዝኣተወ ኣልፎንሶ ዳቪስ ሽቶ ብምርካብ መሪሕነት ሒዛ ነይራ - ክሳብ 88 ደቒቕ።

ይኹን'ምበር፡ ኣቐዲሙ ሽቶ ናይ ምዃን ዕድል ዝበረን ኣርባዕተ ፈተነታት ማድሪድ ዘምከነ ምኩር ሓላዊ ልዳታ ማኑኤል ኑየር፡ ድሒሩ ብዘፈጸሞ ጌጋ ሕቶእ ተገዚኡ፡ ኑየር፡ ካብ ቪንስዩስ ተሃሪማ ንዝመጸኣቶ ኩዕሶ ብዘዮዮእ ኣብ ሕቖፉ ከእትዋ ብዘይምኽኣሉ እዩ (ኣብ ኣፍልቡ ሃሪማ ተመሊሳ)፡ ኑቲ ኣብ ኮበ ልዳት ዝበረ ኣጥቃዓይ ማድሪድ ሆሴሉ ዝሰለጸት ዕድል ቀሪቡሉ፡፡ ውዱእ ዕድል ዝረኸበ ሆሴሉ ኩኡ ጸወታ ናብ 1ብ1 ቀየሮ።

ድሕሪ ሰለስተ ደቓይቕ፡ ታሪኽ ክሰርሕ ዝንቀደ ሆሴሉ፡ መሪሕነት እተትሕዞም ሽቶ ወሰኸ። ወላ'ኳ ዳኛ፡ ካብ ጸወታ ወጻኢ ከይትኾውን ንምርግጋጽ ቪደዮ (ቫር) እንተረአየ፡ ሽቶ ካብ ምዃን ዝዓንቀጾ ክስተት ግና ኣይነበረን። በዚ ድማ፡ እዛ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ ናይ ምዕዋት ታሪኽ ዘለዋ ጋንታ፡ ሕጂ'ውን ካብ ድሕሪት ተበጊሳ (Come-back) ብምዕዋት፡ ናብ ፍጻመ ዘሕልፉ ትኬት ቀሪጻ።

**ትኪን ማድሪድን መውጽኢ ኣይስእኑ**

ንዛ 14 ግዜ ሻምፕዮን ኤውሮጳ ዝኾነት ክለብ፡ ዋንጫ ላ'ሊጋ ኮነ ሱፐር ኮፓ እስጳኛ፡ ምስ ዓወት ሻምፕዮንስ ሊግ ዘጻጸር ኣይኮነን።

ሸሕ'ኳ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን ዓወት ላ'ሊጋ ዒቢ እንተኾነ፡ ኑቲ ናይ ጸምብል ሱሩርዎት ምስዮጊጋራ ግና ምኽንያት ነይሩዋ እዩ - ንጉዚእ ኑቡስ ብሸፀዚ ናይ ብቐድሚ ትማሊ



ድራማዊ ዓወት ስለእትልክዎን ብዓወት ላ'ሊጋ ክትዛለ ብዘይምድላያ።

ማድሪድ፡ ኣቐዲማ ኣብ መበል 73 ደቒቕ ብመገዲ ናቾ ተመዓራረያ ነይራ እያ። እንተኾነ፡ ናቾ፡ ንተኸላኻሊ መኒክ ኪሚክ ደፊእዎ ተባሂሉ እታ ሽቶ ተሰሪዛ። ማድሪድ ግን፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ መገዲ ዓወት ዝጠፍኣ ኮይና ኣይትረኽብን። እዛ ጋንታ፡ ኣብ 2021-22 ዋንጫ ከተልዕል እንከላ'ውን ብተኸታታሊ ንፒኤስጂ፡ ቸልሲን ማን ሲቲን ኣብ መወዳእታ ብዘመዝገበተን ሽቶታት እያ ገሊፋተን። ስለዚ፡ ከምቲ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ 'ኣቶ ሻምፕዮንስ ሊግ' ዝበሃል፡ ሪያል ማድሪድ እውን 'ንግስቲ ሻምፕዮንስ ሊግ!' እንተተባህለት ዘይግባእ ኣይኮነን።

ሆሴሉ፡ ካብ መንበር ተቐያሪ ናብ ንጉስ ሻምፕዮንስ ሊግ ክለብ ሪያል ማድሪድ

ካብ 2008 ጀሚሩ ኣብ ሰለስተ ክለባት ብልቓሕ፡ ኣብ ሸሞንተ ክለባት ድማ ብቐዋሚ ዝተጻወተ ሆሴሉ፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ንኮታ በዝዞማ ንግዚኡ ክሸፍን ተባሂሉ፡ ብልቓሕ ካብ እስጳኞል መጺኡ፡፡

ቅድሚ'ዛ ምሸት እውን ተቐዪሩ ብምእታው 14 ሽቶታት ኣመዝጊቡ እዩ። እዚን ብቐድሚ ትማሊ ኣብ መበል 81 ደቒቕ ተቐዪሩ ብምእታው ዘመዝገበን ክልተ ናይ መድሕን ሽቶታቱ ግና፡ ዛጊት መወዳደርቲ የብለንን። ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኡ እተን ዝበለጸ ታሪኻውያን ሽቶታት እንተተባህላ'ውን ምግናን ኣይኮነን። ሆሴሉ እውን ድሕሪ'ዚ ቅያ ዝሰርሓሉ ምሸት፡ "ወላ'ውን እቶም ዝበለጹ ሕልምታተይ ከምዚ ኣይጽብቑን እዮም" ብምባል እዩ ገሊጹዎ።

ማድሪድ፡ እዚ ኣብ ዝተፈላለየ ግጥማት ናይ ሽቶ ዕድላት ብምብኻኑ ዝተነቕፈ ተጻዋታያ፡ ሓደ እዋን መድሕና ክኸውን ከምዝኽእል ሓሲባ ዶ ትፈልጥ ትኸውን? . . . ብዘይገድስ ግን፡ ዝሓለፈ ጌጋታቱ ደምሲሱ ቅያ ሰሪሑ ኣሎ።

**ታሪኻዊ ጌጋ ደያኑ**

መኒክ፡ ኣብ መበል 13 ተወሳኺ ደቒቕ (113 ደቒቕ)፡ ብመገዲ ደለክት መመዓራረዩት ሽቶ ኣመዝጊባ ነይራ እያ። እንተኾነ፡ ተጻዋታያ ማዝራዋይ 'ካብ ጸወታ ወጻኢ (ኦፍሳይድ)' ተባሂሉ ተሰሪዙ። እቲ ተጻዋታይ ግና፡ ካብ ጸወታ ወጻኢ ኣይነበረን፡፡ ንምንታይ ደኣ ቫር ዘይተራእየ?

ብምስራት ሕጊ፡ ቫር ጣልቃ ዝኣትወሉ፡ ጸወታ ክሱብ መጻልቦኡ ክቕጽል ምስ ዝሕደግ ዝሕደግን ወጽኢቱ ሽቶ ምስ ዝኸውንን ጥራይ እዩ። ኣብታ ፍጻመ ግና፡ ናይ መስመር ዳኛ፡ ኩዕሶ ሽቶ ቅድሚ ምምዝጋባ ጥንዴራ ብምልዓሉን ማእከላይ ዳኛ'ውን ፈስካ ብምንፍሑን፡ ቫር ጣልቃ ክኣቱ ኣይክእልን/ ኣይፍቀድን እዩ። 'ኣብ ታሪኽ ከዕሶ እግሪ ሓንቲ ካብተን ናይ ኩሉ ሳዕ ዝዓበያ ስሕተት ደያኑ'!

ናይ መስመር ዳኛ ድሕሪ ጸወታ ይቕረታ ከምዝሓተተ ዝሓበረ ኣሰልጣኒ መኒክ - ቱኸል፡ "እንታይ ይዓብስ እሞ" ድሕሪ ምባል፡ ተቐዳዲሞም ክውሰኑ ከምዘይነበሮም ገሊጹ፡፡ ኣመዝጋቢ ናይ'ታ ሽቶ ደለክት እውን ናይ መስመር ዳኛ ጌጋ ምፍጻሙ ከምዝተኣመነን ይቕረታ ከምዝሓተተየምን ተዛሪቡ።

"ኬን ናይ ብሓቂ ተረጊሙ እዩ" ደገፍቲ

ኬን ኣብ ቶተንሃም ዋንጫ ከየልዓለ 29 ዓመት ምስ ደፈኣ፡ ብልዕሊ 100 ሚልዮን ዩሮ ናብዛ ን11 ተኸታታሊ ዓመታት ንቡንደስሊጋ ዝተዓወተትሉ ክለቡ፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ተሰጊሩ።

ኣብ መጀመሪያ ጸወታኡ፡ ኣብ ናይ ዋንጫ ጸወታ 'ሱፐር ኮፓ ጀርመን' ብኣርቤ ሌፕዚግ ተሳዒሮም፡፡ ዝሓለፈ ዓመት - ወርሒ ሕዳር፡ ካብ ዋንጫ ጀርመን ብናይ ሳልሳይ ዲቪዥን ክለብ ካብ ፍርቂ ፍጻመ ተገለፎም።

እቲ ዝዓበየ ግና፡ መኒክ፡ ን11 ዓመታት ዝተዓወተትሉ ቡንደስሊጋ፡ ሓሙሽተ ግጥማት ተሪፉዋ እንከሎ፡ ዊር ለቨርኩሰን ከተልዕላ ክኢሉ፡ በዚ ኩኡ መኒክ፡ ድሕሪ 2011-12 ንፈለማ ግዜ ብዘይዋንጫ ክትውድእ ተቓሲባ ኣላ።

ኣብ ኩሉ ውድድር ካብ 45 ግጥማት - 44 ሽቶታትን 12 ቀረባትን ብምግባር ብውልቁ ዝበለጸት ወቕቲ ዘሕለፈ ኬን ብወገኑ፡ ሕጂ'ውን ንዋንጫ ኣልቦ ጉዕዞኡ መኽተምታ ክገብረሉ ኣይክኣለን፡፡

ካብ ርእይቶታት ደገፍቲ

"መኒክ፡ ድሕሪ 12 ዓመታት ብዘይዋንጫ ወዲኣ፣ እዚ ተጻዋታይ ብሓቂ ተረጊሙ እዩ፡"፣ "ተረጊሙ ኣይኮነን ንሱ እዩ እቲ መርገም"፣ "መርገም ኬን ድሕሪ ሕጂ ቀልዲ ኣይኮነን ሓቂ እዩ፣ ደንገጸሉ" ዝብልን ካልእን ደገፍቲ ዝሃብዎ ርእይቶታት እዩ።

**መኒክ**

እዛ ጋንታ፡ ብማድሪድ 11 ግዜ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ተሳዒራ፣ ኣብ ታሪኽ እዚ ውድድር ኩኡ ብሓንቲ ጋንታ ዝበዝሐ ስዕረት ዘጋጠማ ኮይና ኣላ።

**በሊንግሃም**

እዚ ኣካፋሊ ማድሪድ፡ ኣብታ ምሸት ንመበል 31 ግጥም እዚ ውድድር ምስ ቀዳሞት ተሰሊፉ፡ ቅድሚ 21 ዓመት ምምልኡ ክንዲ'ዚ ዝኣክል ብዙሓ ምስ ቀዳሞት ዝተሰለፈ ብምዃኑ፡ ምስ ናይ ቅድም ሓላዊ ማዕጾ እዛ ክለብ ኢከር ካሲያስ ተመዓራርዩ፡፡ 1 ሰብ ኣብ ግጥም ፍጻመ ምስ ቀዳሞት ምስ ዝሰለፍ ከኣ ክበረወሰን ክሕዝ እዩ - እዚ 29 ሰብ 21 ዓመት ዕድመኡ ዝመልእ እንግሊዛዊ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ናብዛ ክለብ ዝተጸምበረ በሊንግሃም፡ ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ፡ ምስ'ታ ቅድሚ ዓመት ዝበደፋ ናይ ቅድም ክለቡ ቦሩሽያ ዶርቱምድን እዩ ክገጥም።

## ዓምበርበብን ሳዋን፡ ከይተሳዕራ ይግስግሳ

ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል፡ ብቐድሚ ትማሊ ብጸወታ ኩዕሶ ሰከብትን ቸዝን ኣብ ሜዳ ቦውሊን መዓስከር ደንደን ቀጺሉ፡፡

ኣብ ኩዕሶ ሰከብት 3ብ3 ደቂ ኣንስትዮ፡ ክንፊ ኣሰንሞቅ 11ብ1፡ መኸተ ንሳዋ 13ብ6 ክስዕራአን እንከለዋ፡ ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ሽዐላ ንንሕሪ 12ብ10፡ ዓምበርበብ ንመኸተ 16ብ10፡ ሳዋ ንበፈር 19ብ14፡ ክንፊ ኣሰንሞቅ 14ብ11 ኣሸኒፈናአን፡፡

ኣብ ካልኣይ ጸወታ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሓሬና ንብደሆ 14ብ7፡ ክንፊ ንንሕሪ 7ብ1፡ ዓምበርበብ ንሳዋ 21ብ4 ረቲዐናአን፡፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ሓሬና ንንሕሪ 18ብ7፡ ዓምበርበብ ንብደሆ 11ብ7፡ ሳዋ ንሽዐላ 14ብ11፡ ክንፊ ንመኸተ 21ብ2 ኣፋንዮምአን፡፡ ኣብዚ ውድድር፡ ዓምበርበብ ብኽልተኡ ጾታ፡ ሳዋ ከኣ ብደቂ ተባዕትዮ ከይተሳዕራ ይቕጽላ ኣለዋ፡፡

ኣብ'ቲ ዕለት ኣብ ዝተኻየደ ካልኣይ ዙርያ ውድድር ቸዝ ድማ፡ ብደቂ ኣንስትዮ፡ ክንፊ ንብደሆ፡ ሰንሞቅ ንሳዋ፡ በፈር ንሓሬና ብተመሳሳሊ 1ብ0 ሰዒረናአን፡፡ ኣብ ሳልሳይ ዙርያ ከኣ፡ በፈር ንሳዋ፡ ክንፊ ኣሰንሞቅ፡ ዓምበርበብ ንብደሆ ብተመሳሳሊ 1ብ0 ኣሸኒፈናአን፡፡

ኣብ ካልኣይ ዙርያ ደቂ ተባዕትዮ፡ ሳዋ ንብደሆ፡ ዓምበርበብ ንክንፊ፡ ሽዐላ ንሓሬና፡ ሰንሞቅ ንንሕሪ 1ብ0 ሰዒረናአን፡፡

ውድድር ሓይልታት ምክልኻል፡ ሎሚ ዓርቢ ብጸወታ ባድሚንተንን ቸዝን ኣብ ምቕጻል ይርከብ፡፡



### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ውድድር ዋንጫ ናጽነት ደቂ
ኣንስትዮ ዞባ ማእከል
ኢንሹራንስ - በረኽ (ንደረጃ)
8፡00 ቅ.ቀ
ኩባንያ ሰገን - ገጀረት (ንፍጻመ)
10፡00 ቅ.ቀ
ናይ ደቂ ተባዕትዮ
ኣስመራ በራ - ኩባንያ ሰገን
2፡00 ድ.ቀ
ኩባንያ ሰምባል - ኣልታሕረር
4፡00 ድ.ቀ

## ጆርጂንዮ፡ ውዕሉ ኣናዊሑ



ኣካፋሊ ኣርሰናል ጆርጂንዮ፡ ክሳብ ሰነ 2025 ኣብዛ ጋንታ ክጸንሕ፡ ሓዲሽ ናይ ሓደ ዓመት ውዕል ፈሪሙ፡፡

ኣብ ጥሪ 2023 ካብ ቸልሲ ናብዛ ጋንታ ዝተጸምበረ ጆርጂንዮ፡ ናይ 18 ኣዋርሕ ውዕል ምፍራሙ ይዝከር፡፡ ብመሰረት እቲ ኣቐዲሙ ዝፈረሞ ውዕል፡ ኣብ ሰነ እዛ ዓመት ውዕሉ ዘብቅዕ ዝነበረ እዚ ኢጣልያዊ፡ ናብ ክለባት ሃገሩ ክቕንዕ ከምዝኽእል ክግለጽ ወሪሑ እዩ፣ ብፍላይ፡ ናብታ ናይ ቅድም ክለቡ ናፖሊ፡፡

ይኹን'ምበር፡ እዚ ምኩር ተጻዋታይ ብምዕቃብ ተመኪሮኡ ናብ መንእሰያት ተጻወትቲ ከሕልፈላ ድሌት ዘለዋ ኣርሰናል፡ ንሓደ ዓመት ከተጽንሖ ክኢላ ኣላ፡፡ "ኣብዚ ተሓጉሰ፣ ምኽንያቱ ኣካል እዚ ስድራ ክትከውን ክቡር እዩ፣" ዝበለ ጆርጂንዮ ድማ፡ ዝከኣሎ ክገብር ከምዝደፍእን ገሊጹ፡፡

ዓላሚ ናይ'ዛ ጋንታ ሚኪኤል ኣርቴታ ብወገኑ፡ "ጆርጂንዮ፡ ሓዲሽ ውዕል ምፍራሙ ሕጉሳት ኢና፡፡ ንሱ፡ ኣገዳሲ ተጻዋታይና እዩ፡፡ ዓቢ ናይ መሪሕነት ዓቕሚ ዘለዎን ንኹሉ ተጻዋታይ ዝምችእ ፍሉይ ቅዲ ጸወታ ዝውንንን ኣብነታዊ እዩ፣" ክብል ገሊጽዎ፡፡

ወዲ 32 ዓመት ጆርጂንዮ፡ ኣብዛ ኣርሰናል ድሕሪ 20 ዓመታት ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ከተልዕል እትጽዕረላ ዘላ ወቕቲ፡ ኣገዳሲ ተራ ኣብ ምጽዋት ይርከብ፡፡ ዛጊት ኣብ ኩሉ ውድድር ኩኡ 35 ግጥማት ተጻዊቱላ ኣሎ፡፡

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተክለ

## ህ/ሪ ቻይናን ሰርብያን ዝምድናአን ንምሕያል ተሰማሚዐን

ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ሰርብያን፡ ናይ ሓባር መጻኢ ዘለዎ ማሕበረሰብ ክሃንጻ፡ ኑቲ ቀድሚ 8 ዓመታት ዝፈለመ ኩሉመዳያዊ ስትራተጂያዊ ሸርክነተን ንምዕባይ ክሰርሓን ከምእተሰማምዓ ተሓቢሩ።

እተን ሃገራት ኣብ'ቲ ስምምዕ ዝበጽሓ፡ ፕረዚደንት ቻይና ሺ ዢ ፒንግ ምስ ሰርብያዊ መዘናኡ ኣሌክሳንደር ቩቺክ ኣብ ሰርብያ ተራኺቦ ድሕሪ ምዝታዩ እዩ።

ፕረዚደንት ሺ፡ ምሕዝነት ቻይናን ሰርብያን ኑቲ ብቐጻሊ ዝቕያየር ዘሎ ኣህጉራዊ ብደሆታት ሰጊሩ ክቕጽል ዝኽኣለ፡ ብጽኑዕ ፖለቲካዊ መሰረት - ሰፊሕ ናይ ሓባር ረብሓታትን ሓያል ህዝባዊ ደገፍን ዝሓለ ዝምድና ምዃኑ፡ ምስ ፕረዚደንት ቩቺክ ኣብ ዘካየዶ ርክብ ገሊጹ።


ክልቲኦም ወገናት፡ 'ፖለሲታት ሃገራዊ ልምዓት ንምዕባለ' ይኽተሉ ምህላዎም ድሕሪ ምጥቃስ፡ "ቻይና ምስ ሰርብያ ናይ ሓባር መጻኢ ዘለዎ ማሕበረሰብ ንምህናጽ ክትሰርሕ እያ" ኢሉ ፕረዚደንት ሺ ዢ ፒንግ።

ሰርብያ፡ ኣብ ማእከላይን ምብራቓዊን ኤውሮጳ ፋልመይቲ ኩሉመዳያዊ ስትራተጂያዊ መሻርኽቲ ቻይና ምዃና ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ሺ፡ ክልቲኣዊ ምትሕብባር ናይ'ተን ሃገራት - ንኽልቲኡ ህዝብታት ዝጠቕም ረብሓ ከምዘምጽአ ኣረጋጊጹ።

ፕረዚደንት ቩቺክ ብወገኑ፡ ቻይና ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ፕረዚደንት ሺ ዘደንቕ ወሰኽዊ ዓወታት ከምዝመዝገበት፡ ኣብ ኣህጉራዊ ጉዳያት እውን መሪሕ ተራ ትጻወት ከምዘላ ኣገንዚቡ።

'ዴሳዊ ሰልፊ' ቻይና ንህዝቢ ቻይና ጥራይ ዘይኮኑ ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከብ ህዝቢ'ውን ኣብኡት ምዕባለን ጌራሻን ምዃኑ ፕረዚደንት ቩቺክ ወሲኹ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ሺ፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ሰለስተ ሃገራት ኤውሮጳ ክካየዶ ዝቐጸለ ዑደት፡ ዝሓለፈ ረቡዕ እውን ናብ ሃንጋሪ ከምዝምርሐ ተገሊጹ ኣሎ።



## መራሕቲ ሩስያን ኣርመንያን ዘተ ኣካዪዶም

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣርመንያ ኒኮል ፓሺንያን፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ናብ ሩስያ ብምምራሕ ምስ ፕረዚደንት ቭላዲሚር ፑቲን ተራኺቦ ከምዝዘተየ ተገሊጹ።

እቲ ርክብ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ፓሺንያን - ኣብ ዋዕላ ቁጠባዊ ምትሕብባር ሃገራት ኤውሮጳን ኤስያን ንምስታፍ ናብ ሩስያ ኣብ ዝኣተወሉ እዩ ተኻዪዱ።

ፕረዚደንት ፑቲን፡ ክልተኣዊ ንግዲ እተን ሃገራት ይዓቢ ከምዘሎ እኳ እንተገለጹ፡ ነገራ ፍታሕ ዘድልዮም ገለ ንጸጥታ ናይ'ቲ ዞባ ዝምልከቱ ጉዳያት ከምዘለዉ - ምስ'ቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብ ዝገበሮ ርክብ ኣገንዚቡ።

ኣዘርባጃን - ኣብ መስከረም 2023 ኣብ ትሕቲ ቀጽጽር ኣርመንያ ንዝነበረ ኣካራኻሪ ዞባ ናጎርኖ-ካራባኽ ንምምላስ ወተሃደራዊ ወፍሪ ድሕሪ ምብጋሱ፡ ኣርመንያ - ኣብ'ቲ ዞባ ተዋፊሮም ዝነበሩ ሩስያውያን ዓቀብቲ ሰላም ኑቲ መጥቃዕቲ ደው ክብልዎ ከምዘይከኣሉ ብምሕባር፡ ምስ'ታ ናይ ነዊሕ እዋን መሻርኽታ ዝኾነት ሩስያ ዝጸንሓ ዝምድና ብኣሉታ ከምዝረአየቶ ይዝከር።

ኣብ ኣርመንያ ወተሃደራዊ መዓስከር ዘለዋ ሩስያ ብወገና፡ ሰራዊታ ኣብ ጉዳይ ኣርመንያን ኣዘርባጃንን ጣልቃ ንኸኣትዉ ሓላፍነት ከምዘይነበሮም ብምምልካት፡ ኑቲ ክሲ ኣብ እዋኑ ከምዝነጸገቶ ይፍለጥ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ፓሺንያን፡ ምስ ምዕራባውያን ሃገራት ዘለዎ ርክብ ንምዕማቕ - ሃገሩ ካብ'ቲ ምስ ሩስያ ዝነበራ ጸጥታውን ቁጠባውን ሸርክነታት ንምርሓቕ ዝገበረቶ ጻዕርታት፡ ንዝምድና ክልቲአን ሃገራት ብኣሉታ ከምዝጸለዎ እውን ሩስያ ወሲኻ ትሕብር።



## ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ 'ሚያዝያ' ዝለዓለ መጠን ሙቐት ተመዝጊቡ

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ፡ ኣብ ውሽጢ 150 ዓመታት ዝለዓለ መጠን ዋዒ ከምእተመዝገበ፡ ጸብጻባት ሜትዮሮሎጂ ሓቢሮም።

ኣብ'ታ ወርሒ እቲኣ ዝተመዝገበ መጠን ዋዒ፡ ኣቐዲሙ ካብ ዝነበረ መጠን ብኣስታት 1.6 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ከምዝዛየደ እቶም ጸብጻባት ኣረዲኦም።

ከም ውጽኢት ናይ'ቲ ክስተት፡ ብፍላይ ኣብ ኣህጉር ኤስያ - ኣብ ማሕበራ-ቁጠባዊ ንጥፈታት ህዝቢ ዕንቅፋታት ከምዝገጠመ ይሕበር።

ፊሊፒንስን ኢንዶኔዥያን ዝርከብአን ሃገራት ናይ'ቲ ዞባ፡ ብሰንኪ ክቱር ዋዒ ኣብያተ-ትምህርቲ ክዕጸዋ ከምእተገደዳ ይፍለጥ።

ዝሓለፈት ወርሒ ሚያዝያ፡ ኣብ ምድሪ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ማያዊ ኣካላት እውን ልዑል መጠን ዋዒ ዝተመዝገበላ ወርሒ ምንባራ ክኢላታት ይገልጹ።

ክሊማዊ ምምዝባል ብዝጠንቁ፡ መጠን ዋዒ ብደረጃ ዓለም ዓመታዊ እናወሰኸ ይመጽእ ከምዘሎ እቶም ጸብጻባት ዘረድኡ።



## ደ.ሪ ኮንጎ - ኣስታት ፍርቂ ሚልዮን ህዝቢ ብዕልቕልቕ ተጸልዩ

ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ደ.ሪ ኮንጎ፡ ንኣስታት ፍርቂ ሚልዮን ሰባት ዝጸለወ ዕልቕልቕ ድሕሪ ምኽሰቱ፡ ኣብ'ታ ሃገር ሓፈሻዊ ዕንወት ኣጋጢሙ ከምዘሎ ቤት-ጽሕፈት ፕሮግራም መግቢ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣፍሊጡ።

ክሊማዊ ለውጢ ብዝጠንቆ ዕልቕልቕ፡ ቀላያትን ሩባታትን ናይ'ታ ሃገር መሊኦም ብምፍሳሶም፡ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝርከብ ከተማታትን ዓድታትን ከምእተዋሕጠ - እቲ ቤት-ጽሕፈት ወሲኹ ሓቢሩ።

"ሰባት - ኣብ ቀላይ ታንጋኒካ ከምኡ'ውን ኣብ ሩባ ኮንጎ ኣብ ዝርከቡ ከበባታት፡ መንበሪ ኣባይቶምን ግራውቶምን ስኢኖም ኣለዉ።" ክብል ዝገለጸ ጸብጻብ ፕሮግራም መግቢ ዓለም፡ ልዕሊ 470 ሽሕ ሰባት በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ከምዝተሃሰዩ፡ 450 ሽሕ ሄክታር ናይ ሕርሻ መሬት ከምእተደምሰሰ ኣረዲኡ።

በቲ ዕልቕልቕ መስመራት ረሳሕ ፈሳሲ እውን ብምዕጻዎም፡ ከም ሽሮኽ ዝኣመሰሉ ተላባዕቲ ሕማማት የስፋሕፍሑ ምህላዎም ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ ብዕልቕልቕ ዝተሃስየ ከበባታት ዝነብሩ ህዝቢ - ብፍላይ ህጻናት ከምኡ'ውን ጥሪት ንመጥቃዕቲታት ጉማሬ፡ ሓርገጽን ተመንን ተቓሊዖም ከምዝርከቡ እውን ተሓቢሩ።

ካብ ዝሓለፈ ሰሙናት ጀሚሩ፡ ክሊማዊ ለውጢ ዝጠንቆ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት - ኣብ ሰፊሕ ከበባታት ኣፍሪቃ ሰብዊን ንዋታዊን ክሳራታት ይወርድ ከምዘሎ ይግለጽ።



## ቱርኪ - ጥርጡራት ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ይቕየዱ

ፖሊስ ቱርኪ፡ ኣብ 2016 ኣብ'ታ ሃገር ፍሹል ዕልዋ መንግስቲ ምስ ዝፈተነ ጉጅለ ምትእስሳር ከምዝነበሮም ዝገለጾም - 15 ጥርጡራት ኣብ ቀይዲ ከምዘእተወ፡ ኣብ ርእሰከተማ ኣንካራ ዝርከብ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ እታ ሃገር ኣፍሊጡ።

ኣኽበርቲ ሕጊ'ታ ሃገር ዕልዋ መንግስቲ ኣብ ዝፈተኑ ጥርጡራት ናይ ማእሰርቲ ትእዛዝ ድሕሪ ምሕላፎም - ፖሊስ ቱርኪ ዝሓለፈ ዓርቢ፡ ኣብ ከተማ ኣንካራ ናይ ምልቃም ወፍሪ ከምዝጀመረ፡ እቲ ቤት-ፍርዲ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ሓቢሩ።

ዝተረፉ ጥርጡራት ንምሓዝ እውን ስርሒታት ፖሊስ ይቕጽል ከምዘሎ፡ እቲ መግለጺ ወሲኹ ኣረዲኡ።

እቶም ጥርጡራት፡ ምስ'ቲ ኣብ ኣመሪካ ዝመደበሩ 'ፈቱላህ ጉለን' ብዝተባህለ ኣንጻር መንግስቲ ቱርኪ ዝንቀሳቐስ ውልቀሰብ ዝምራሕን፡ ብመንግስቲ ቱርኪ ዝኽሰሰን መርበብ 'ምንቅስቓስ ጉለን' ምትእስሳር ከምዝለዎም እዩ ዝእመን።

ኣብ'ቲ ብ15 ሓምለ 2016 ዝተኻየደ ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ፡ ብውሕዱ 250 ሰባት ከምዝሞቱ እዩ ዝሕበር።

ኑቲ ፍሹል ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ሰዒቡ፡ መንግስቲ ቱርኪ ምስ'ቲ ምንቅስቓስ ርክብ ኣለዎም ተባሂሎም ኣብ ዝተጠርጠሩ ውልቀ-ሰባት ሰፊሕ ሃድን ኣበጊሱ ምንባሩ ይዝከር።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሰለሞዊት | 10/05/24 | ጎደና ሮራ መንሳዕ ቁ. ገዛ19 ፊት ፋብሪካ ሚዞን ኢያ | 07463110 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565